**ንዛረብ … !**

*ኣብ ኩነታት ትግራይ ዝቐረበ ሃናፃይ ነቐፌታ*

-------------------------------------------------

ገብረ ሥላሴ ኣርኣያ (ሕዳር 2008 ዓ.ም)

*"ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብ ኣፉ ዝዓፁ ዋላ ሕልፈ ዝዛረብ ሰብ የድሊየና"*

*ኣብ ፌስቡክ ኣብ ዝተጠቕዐ ናይ ዶ/ር ኣርከበ ዑቕባይ ስእሊ ዝተረኸበ ጥቕሲ።*

እዚ ጽሑፍ እዚ ኣብ ወድዓዊ ኩነታት ክልል ትግራይ ይዝቲ። ገለገለ ጭብጢታት መሰረት ገይሩ ዝተፀሓፈ ኮይኑ ኣብ ክልልና ዘሎ ስእነት ሰናይ ምምሓዳርን ኣብ መረዳእታት ምዝባዕን ዙሪያ ዘተኮረ ሓፈሻዊ ትዕዝብቲ እዩ። ኣፍቲ መንግስታዊ መስርሕ ንዘሎ ዘይምዕሩይ ኣሰራርሓን ብሓፈሽኡውን ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ጎታቲ ኣተሓሳስባን ኣመልኪቱ'ዉን ሃናፃይ ነቐፌታ የቕርብ። ኣብዚ ጽሑፍ ሓዱሽ ነገር የለን። እቶም ምስ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣታሓሒዘ ዘልዕሎም ጉዳያት ኣነ በይነይ ዝረኣኹዎም ጉዳያት ዘይኮኑስ ኣብ ነበርቲ፣ ወይ ድማ ብሓፈሽኡ ተወለድቲ እቲ ክልል ዕለታዊ መዘራረቢ ጉዳያት ኮይኖም ዘለዉ እዮም። ካብኡ ሓሊፉውን መንግስቲ ከም መንግስቲ ገዛኢ ውድብ ከም ውድብውን ኣብ ኣኼባታትን መራኸቢ ሓፋሽን ደጋጊሞም ዝገልጹዎም ጉዳያት እዮም። ብገምጋም እዚ ጸሓፊ ኣብዚ እዋን ዘሎ ኩነታት ክልልናን ኣካይዳ ገዛኢ ወድብ ህወሓትን ምስ ኣብ 1950ታት - 1970ታት ዓ.ም ዝነበረ መሪሕነት ኮሚኒስት ፓርቲ ቻይና ተመሳሳሊ እዩ፣ ብፍላይ ኣብ ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ደረት ዘይብሉ ዕንቅፅናን። ስለዝኾነ ቻይናዊያን ኣፍቲ እዋን ዝኸድዎ ኣዕናዊ ኩነታት ኣብ ትግራይ ከይድግም ሃናፃይ ምኽሪ ንምልጋስ ዝዓለመ ጽሑፍውን እዩ። እሞ እምበኣር ኣፍቲ ዝተጠቐሰ ዘበን ብስእነት ሰናይ ምምሕዳር ምኽንያት ኣብ ቻይና ዘጋጠመ ፖለቲካዊን ማሕበረ-ቑጠባዊን ሰብኣዊን ኪሳራታት ዘስዓበ ኣዕናዊ ኣካይዳ ኮሚኒስት ፓርቲ ቻይና ጀሚርና ኣብ ትግራይ ዘሎ ተመሳሳሊ ኩነታት ብምልዓል ትዕዝብተይ ክዛዝም።

## ኮሚንስት ፓርቲ ቻይና ድሕሪ ዓወት ዕጥቃዊ ቃልሲ

ኮሚኒስት ፓርቲ ቻይና (CCP) ኣብ 1949 ዓ.ም ዕጥቃዊ ቓልሲ ተዓዊቱ መንግስታዊ ስልጣን ምስጨበጠ ብሓደ ወገን ሓዱሽ መንግስቲ ንምውቓርን ልምዓታዊ ስራሕቱ ምስላጥን ሸበድበድ እንትብል፣ ብኻልእ ወገን ድማ ኣብ ቻይናን እቲ ዘባን ዝነበረ ኢድ ኣእታውነት ምዓራባዊያንን ንምድኻም ምስ መሓዙት መንግስታት ኮይኖም እንትቃለሱ ኣብ ማእኸላይን ታሕተዋይን ጸፍሒ ስልጣን ተሸይሞም ይሰርሑ ካብ ዝነበሩ ብሚሊዮናት ፅቑጸሩ ካድረታት ክቢድ ፈተና ገጠሞ። እዚ ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነትውን ዝነበረ ናይ ኣካይዳ ዘይምርድዳእ ተወሲኹዎ እቲ ሽግር ናዓብየ ይኸይድ ነበረ። እቲ ዝትፈጠረ ኩነታትን ደንገርግርን ቐልጢፉ ስለዘይተዓረየ ድማ ሳዕቤኑ ከቢድ ኮነ።

መሪሕነት ኮሚኒስት ፓርቲ ቻይና መንግስታዊ መደባት ንምፍፃም ዝተኸተሎ ሜላ ብዙሕ ሽግር ዝፈጠረን ንሃገረ ቻይና ናብ ቐጻሊ ቤት-ፈተነ ዝቐየረሉ ኩነታት እዩ ነይሩ። መጀመርታ ናይ ሓባራዊ ምምሕዳር መስርሕ (collective

management system) ዝብል ብምትእትታው ፖለቲካዊን ማሕበረ-ቑጠብዊን መደባት መንግስቲ እቲ ፓርቲ ብዘቑመጦም ተኣመንቲ ኣባላቱ ይካየድ ነይሩ። ዳሕራይ ምስ ሶቪየት ሕብረት ስምምዕ ብምግባር ናይ ስታሊን ናይ ሓደ ሰብ መሪሕነት መስርሕ (one-man management system) ዝብል ከተኣታትዉ ፈተኑ፣ ቀጺሉ እዚ ኣይሰርሐልናን ብምባል ናብ ሓባራዊ ምምሕዳር ተመለሱ'ሞ ኣብ ዝኾነ መንግስታዊ ስራሕ ሓደ ፖሊሲ ዘፈፅም ላዕለዋይ ካድረን ሓደ ቴክኒካዊ ሙያ/ፍልጠት ዘለዎ ነቲ ፖሊሲ ኣብ መሬት ዘውርድ ሙሁርን ጎድኒ ንጎድኒ መዲቦም ክንቀሳቐሱ ወሰኑ።

ኣብዚ ኩነታት እንዳሃለዉ ገለ ላዕለዎት ካድረን ኣብ መሪሕነት ዝነበሩ ሰባትን እቲ ዝነበረ ድንግር ስለዘይጠዓሞም ነቐፌታዊ ሓሳባት የውርዱ ጀሚሮም። እቲ ዝነበረ ኣካይዳ ብምንቃፍ ምዕራባዊያን ሃገራት ዝማዕበሉ ብካድሬን ብሓባራዊ መሪሕነትን ዘይኮነስ ኣብ ሳይንስን ቴክኖሎጂን መሰረት ዝገበረ ትካላዊ ኣሰራርሓ ስለዘተኣታታዉ እዮም ኢሎም ይከራኸሩ ነይሮም። ስለዝኾነ ድማ ብትምህርቲ ዝሰልጠኑ ብቑዓት መራሕቲ ብምስልጣን ካብ ፓርቲ ተፅዕኖ ነፃ ዝኾነ ኣመራርሓ ክነተኣታቱ ይግባእውን በሉ። እዚ ግን ነቶም ብኣንፃሩ ዘለዉ ማለትውን ናይ ምውሳን ስልጣን ኣብቲ ፕሮፌሽናል መካይዲ ስራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኢድ ካድሬ እቲ ፓርቲ ክኸውን ኣለዎ ኢሎም ይከራኸሩ ንዝነበሩ ቡዝሓት ኣብ ላዕልን ማእከላይ ጸፍሒ ስልጣን ዝነበሩ ናይ ኮሚኒስት ፓርቲ ካድሬታት ዝወሓጥ ኣይነበረን።

ድሕሪ ነዊሕ ፍሕፍሕ ግን እቲ ፓርቲ ሓደ ነገር ተቐቢሉ፣ ንሱ ድማ ኣብ መንጎ ካድረን መካየዲ ስራሕን ናይ ስራሕ ክፍፍል ይገበር ዝብል። ብትምህርቱ ብቑዕ ዝኾነ ካድረ ፓርቲን መንግስቲን ዘውጽኦም ፖሊስታት ኣፈፃፅማ እንትቆፃጸር እቲ መካየዲ ስራሕ ኣብ ጎድኑ ኮይኑ ዕለታዊ ከይዲ እቲ ስራሕ ይከታተል ይመርሕ (ዘይሩ ዘይሩ ነቲ መካይዲ ስራሕ ነፃነት ዘይህብ ሓባራዊ መሪሕነት እዩ)። እዚ ንምግባርውን እንተኾነ ቀሊል ኣይነበረን፣ ምኽንያቱ ኣፍታ ሃገር እኹል ዝበሃል ናይ ሙሁር ሓይሊን እቲ ዚሓመቐ ድማ ካብ ልቢ ዝነቐለ ፖለቲካዊ ድልውነትን ኣይነበረን። ብምኽኑ ድማ ካድረታት ነቲ ዝተቐመጠሎም ናይ ስራሕ ክፍፍል ብስልጣኖም ናጠሓሱን ብፍልጠቱ ንዝተመደበ ሙሁርውን ጸቕጢ ብምግባር ዝተገብረን ዘይተገበረን ጸብፃባት ንላዕለዎት መንግስታዊ ኣካላት የተሓላልፉ ቐጸሉ።

እቲ ገዛኢ ውድብ'ውን ናይ ህዝቢ ኣንጸርጽሮትን ናይ ገለ ኣባላት ነቐፌታን ምቕባል ስለዝገደፈ ካድረታት ንዝዓበየ ሹመት ንምድያብ ክብሉ ኣብ ዝተመደቡዎ ስራሕ ኣፈፃፅማ ኣጋኒኖም ወይ ድማ ዘየተፈጸመ ተፈጺሙ ናበሉ ንላዕለዎት መንግስታዊ ኣካላት ፀብፃብ የተሓላልፉ ቐጸሉ። እዚ ኣሰራርሓ ድማ ኣብ ዝተሓተ ጸፍሒ መንግስታዊ ትካላት ዝገደደ ከምዝነበረ ይግለጽ። እዚ ማለት ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ብቐጥታ ምስቲ ህዝቢ ርክብ ዘለዎም ኣካላት መንግስታዊ መሓውር ስለዝኾኑ እቲ ሽግር ጉሉህን ህዝቢ ብቐጻሊ ዘንፀርፅረሉን ኩነታት እዩ ተፈጢሩ።

እቲ ገዛኢ ውድብ ካብ ውሽጡን ካብ ህዝብን ሕቶ ምስበርትዖ ግና ጊዚያዊ ትኩሳት ንምዝሓል እቶም ሽግራት ክፈትሕ እየ ብምባል ኣሰርተ ኣርባዕተ ኣንቀፃት ዘለዎ ናይ መቆፃጸሪ ሕግ ብምውፃእ ነዚ ዝፈጽሙ ተቛፃጸርቲ ኣሰልጢኑ ኣብ መላእ ቻይና መንግስታዊ መደባት ክቋፃፀሩ ሙሉእ ስልጣን ሂቡ መደበ። ንሶምውን እንተኾኑ ግና ካድረነትን ውድባዊ ተኣማኒነትን ኢሉውን ዉልቃዊ ሕሽክርና መለኪዒ ገይሮም ዝተመረጹ እምበር ነቲ ዝተመደቡዎ ስራሕ ዝምጥን

ፍሉይ ዓቕሚ ወይድማ ናይ ትምህርቲ ድሉውነትን ዝነበሮም ስለዘይኮኑ ብዓቕሚ ሕፅረት ምኽንያትን ስልጣንካ ብኣግባቡ ዘይምርዳእን ዝወለዶ ክፍተት ናብ ተመሳሳሊ ጉዕዙይ ስራሕቲ እዮም ኣቲዮም። ብሓፂሩ እቶም ፀብፃብ ዝሰርሑ ሰባት ናይ ሙያ ሕፅረትን ህርፋን ውልቃዊ ስልጣን ዘለዎም ሹመኛታት እዮም ነይሮም። ከም ሳዕቤኑ ድማ መንግስቲ ኣሚኑ በቢደረጅኡ ኣብ ስልጣን ዘቐመጦም ሹመኛታት ኣብ ዘመሓድሩዎ ወረዳታት ዝካየዱ ዝነበሩ ዕዉታትን ዘይዕዉታትን ልምዓታዊ መደባት 85, 90, 95, 100, 120 ሚኢታዊ ወዘተ እናበሉ ዝተጋነነ ወይ ድማ ኣብ መሬት ዘይሎ ፀብፃብ እንተሕልፉ ዝሾመም መንግስቲ ማኦ ዜዱንግ'ውን ኣመኖም።

ጥፍኣት ኮሚኒስት ፓርቲ ብዙይ ኣየብቅዐን። ኩነታት እታ ሃገርን ናብራ ህዝቢን ኣብ ዝሓመቐ ብርኪ እናሃለወ ቻይና ካብ ሓረስታይ ሕብረተሰብን ብሕርሻ ዝቖመ ሃገራዊ ቑጠባን ናብ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለ ዝተቐየረ ሶሻሊት ማሕበረሰብ ክንገብሮ ኢና ብዝብል Great Leap Forward (GLF) ዝተብሃለ ሓዱሽ ናይ ስግግር ቕዲ ኣውጸአ እሞ ኣፍታ ሃገር ናይ ውልቀ ሕርሻን ምህርቲን ዝበሃል ከይህሉ ብምእዋጅ ሓረስቶ ኣምሪቶም፣ ዓጺዶም፣ ሓፊሶም ናብ መንግስቲ ዝውንኖ ኹሮ ከእትውዎ ዘገድድ ሓዱሽ ፖሊሲ ተኣወጀ። ብድሕሪኡ እቲ ጨቛኒ ስርዓት ከቕይር ማእለያ ዘይብሉ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ ሃገረ ቻይና ቑርሲ፣ ምሳሕን ድራርን ኣብ መንግስታዊ ቤት ብልዒ (ናይ ቐበሌ ኣዳራሻት) ክኸውን ተኣዘዘ። ረሃፆም ኣንጠብጢቦም ዝመርትዎ እኽሊ ንመንግስቲ ከረክቡ ብምግዳዶም ሓረስቶት ቻይና ካብ ብዙሕ ምምራት ናብ ዝተሓተ ምህርቲ መጠን ምስወረዱ ኣጠቓላሊ ሃገራዊ ምህርቲ ባይታ ዘቢጡ፣ ዓርሶም ክቕልቡ ዘይኽእሉ ዘባታት ተፈጢሮም። ኣብ ርእሲኡ ድማ ኸቢድ ዝበሃል ተፈጥራዊ ደርቂን ተላገብቲ ሕማማትን ወረዶም።

እዚ መገዲ ጥፍኣት ዝኾነ ፖሊሲ GLF ንዕሊ 10 ዓመታት ቐጸለ፣ ሳዕቤኑ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ኮነ፣ እቶም 85, 90, 95, 100, 120 ሚኢታዊ ወዘተ ናተብሃለ ዝተፀብጸበሎምን ደሓርውን ምህርቶም ሓፊሶም ንመንግስቲ ዘረክቡ ዝነበሩ ብሚሊዮናት ዝቑጽሩ ሓረስቶት ቻይና ብሕማቕ መሪሕነት፣ ጉጉይ ፖሊሲን፣ ብድርቂን ጥሜትን ሓለቑ። ኣብ 1958-1961 ዓ.ም.ፈ መንግስቲ ቻይና ከምዝፀብፀቦ ድማ ልዕሊ 15 ሚሊዮን ህዝቢ ሃለቐ። ሙሁራን እታ ሃገር'ውን 43 ሚሊዮን ሞት ፀብጸቡ። ሽዑ ኣሰራርሓ ሹመኛታት መንግስቲ ዘይኮነስ ተፈጥሮ ድማ ምኽንያት ተገይራ ብምንግስቲ ተረገመት። ጉጉይ ፖሊሲ ኮሚኒስት ፓርቲ ብብርሰትን ሞትን ሓረስቶት ጥራይ ኣይተወደአን። ቻይና ካፍቲ ህዝቢን ሃገርን ዘጥፈአ ፖሊሲን ኣካይዳን መሊኣ ተይሓወየት ባህላዊ ኣብዮት (Cultural Revolution) የድሊየና ኢሎም ድማ ኣወጁ እሞ ቤት ትምህርቲ ዓፂዩ ብርሰት ተምሃሮን ትምህርትን ኣኸተለ። ኣፍቲ እዋን ዝነበሩ መናእእሰይ፣ ሎሚ ሙሁራት ቻይናዊያን እዚ ጉዳይ ከም ዓብይ ናይ ወለዶ ጥፍኣት ዝተፈፀሞ ፖሊሲ ገይሮም ይዝክሩዎ።

ብሓፈሽኡ መንግስቲ ካብ ካድረታቱ ዝቐርብሉ ጸብፃባት ትኽክለኛነቱ ንምርግጋፅ እዚ እዩ ዝበሃል መፃረዪ መስርሕ ኣይነበሮን ጥራይ ዘይኮነስ እቶም ዝቐርቡ ዝነበሩ ጸብፃባት ዜጋታት ሓሶት ወይ ድማ ዝተጋነኑ እዮም ኢሎም እንተእወዩ ሰማዒ ሰኣኑ። እንዲያውውም ዕሱባት ሃፀይነት (ኢምፔሪያሊዝም) ኢኹም ናተብሃሉ ኣፎም ንክሕዙ ቑሊል ዘይበሃል ፖለቲካዊ ተፅዕኖ ተገበረሎም፣ ገሊኦምውን ናብ ቤት ማእሰርቲ ወረዱ። ንኣብነት ንምጥቃስ ገለ ነቐፌታን

መእረምታን ዝሓተቱ ላዕለዎት ካድረታት እንትእሰሩን እንትባረሩን ኣብ መንግስቲ ኣብ ዝለዓለ ጸፍሒ ስልጣን እቲ ኮሚኒስት ፓርቲ ዝነበሩ ከም'ኒ ፔንግ ደሁዋይን (Peng Dehuai) ደንግ ሺኦፒንግ (Deng Xiaoping) ዝበሉ ውሑዳት ነባራት ተጋደልቲን ኣባል ፖሊት ቢሮ ኮሚኒስት ፓርቲ'ውን ጌጋ ኣሰራርሓ ከምዘሎ ኣሚኖም ኣቦ ወንበር ማኦ ንጥፍኣቶም ሓላፍነት ክወስዱን ብቕልጡፍ ንክእረም ብምሕታትቶም ክንደይ ግልታዕታዕ በጺሑዎም፣ ካብ ተመሳሳሊ ውንጀላ'ውን ኣይመልጡን። ዕሱባት ኢምፔሪያሊዝም ኢኹም ተባሂሎም ካብ ፖሊት ቢሮ ናብ ማእከላይ ኮሚቴ፣ ናብ ፋብሪካ ሰራሕተኛነት ጸኒሑውን ናብ ማእሰርቲ ዝወረድሉ ኩነታት ተፈጢሩ። ካፍቶም ዝተንገላትዑ ሓደ ዝነበሩ ደንግ ሸፒንግ ግና ዕላማ ዘለዎምን ዝገብሩዎ ዝፈልጡን ስለዝነበሩ ነቲ ዝተወሰዶም ሱጉምቲ መልሶም እቲ ዝስዕብ ነበረ።

*''Keep a cool head and maintain a low profile. Never take the lead - but aim to do something big.''*

ብዝኾነ ድሕሪ ገዚፍ ናይ ሂወትን ሙሁር ሓይሊን ኪሳራ ድማ መንግስቲ ጸማም እዝኑ ክኸፍት ተገደደ። ኣቦ ወንበር ማኦ'ውን ነዞም ዝተገበረን ዘይተገብረን ዝጽብጽቡ ዝነበሩ ካድረታት ክሕተቱ ኣለዎም በሉ። ዊዒሉ ሓዲሩ እቶም ኣሰርቲን ህዝቢ ዘበሳብሱን ዝነበሩ ድማ ብግዲኦም ገሊኦም ካብ ወንበር ናብ መሬት ገሊኦም ናብ ቤት ማእሰርቲ ወረዱ።

ኣቦ ወንበር ማኦ እዚ ፈታኒ እዋን ምስሓለፈን ካብ ኣባላት መሪሕነት'ውን ጸቕጢ ናበርትዖም ምስከደን ስማዊ ለውጢ መሪሕነት ንምግባር ተገዲዶም እዮም። ብውሳነኦም መሠረት ማኦ ዝበሉዎ ኩሉ ዘይቃወሙ ዝነበሩ ሁዋ ጎፌንግ (Hua Guofeng) ንኽትክኡዎም ኣዳሊዮምዎም። ብጀካ ናተይ ካልእ መገዲ ጌጋ እዩ ዝበሉ ዝነበሩ ኣቦ መንበር ማኦ ዜዱንግውን ዕድመን ጥዕናን ሓጺሩዎም ዕንይንይ እንትብሉ እቲ ዝተቓለስሉ ለውጢ እንተይመጽአ ክብዚ ዓለም ተሰናበቱ። ናይ ማኦ ሞት ቻይና ካብ ዉልቀ ምልኪነትን ቤተ ፈተነ ማኦ ዜዱንግ ምኺን ኣድሒኑዋ ሓዱሽ መገዲ ለውጢ ከፈተላ። ካብ ዕጥቃዊ ቓልሲ ጀሚሮም ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነት ዝነበሩ ነገር ግን ብዘቕርቡዎ ደፋር ነቐፌታ ምኽንያት ዳርጋ ተገሊሎም ዝፀንሑ ከም በዓል ደንግ ሺኦፒንግ ዝበሉ ደለይቲ ጭቡጥ ለውጢ ድማ ናብ ላዕለዋይ መሪሕነት ናይ ምምላስ ዕድል ረኺቦም ''… *aim to do something big*'' ዝብሉዎ ዝነበሩ ሕልሞም ንምግሃድ ብሓዱሽ ቅዲ ተንቀሳቐሱ።

ድሕሪ ሕልፈት ኣቦ ወንበር ማኦ ዝመፅኡ ማራሕቲ ብፍላይ ብደንግ ሾፒንግ ዝተመርሐ መንግስቲ ብዓይነቱ ሓዱሽ ውሽጣውን ናይ ወፃኢን ፖሊሲ ብምኽታል ዕቤት ቻይና ብዘስደምም ቕልጣፈ ኣረጋገፀ። ሽዑውን እንተኾነ ፀብፃባት ኣዛቢዕኻ ምቕራብ መሊኡ ኣይጠፍኣን ነይሩ። ቁጠባዊ ዕቤት ቻይና ንዓለም ኣገዳሲ ናኾነ ምስመጽአ ግና እታ ሃገር ምእንተ ርእሳ ኢላ ተቕርቦ ፀብፃባት ካልኦት ቻይናዊያን ዘይኮኑ ተዋሳእቲ ዕዳጋ ዓለም (ኣብ ቻይና ሃፍቶም ዝፍሰሱ ምዕራባዊያን ትካላትን ተንተንቲ ቁጠባ ዓለም ለኸ ገንዘባዊ ትካላትን) ሓቅነቱ ይምርምሩዎን ይፅሕፍሉ ስለዝጀመሩን፣ ቻይና ገዚፍ ዝበሃል ቑፅሪ መሁራን ብፍልጠቶም ሃገሮም ንከገልግሉ ጥጡሕ ባይታ ስለዝፈጠረትን

ሎሚ ካፍቲ ሕሉፍ ዝነበረ ፖለትካዊ ሃልኪ ዝገበረን ዝተጋነነን ኣቀራርባ ናወፅኡ ፀብፃባት ቋጠባዊ ዕብየትን ድኽመትን ሃገሮም ብዝሓሸ ዓለም ለኻዊ መለክዒታት ይሰፍሩ ኣለዉ።

ሎሚ ቋጠባዊ ዕቤት ቻይና ዘየተሓትት'ኳ እንተኾነ ቕድም ኣብ ዝነበሩ ብዙሓት ዓመታት ብዝመዝገቡዎ ሕማቕ ናይ ምዝባዕን ምግናንን ድሕረ ባይታ ምኽንያት ቋጠባዊ ፀብፃቦም ብጥርጣረ ናተርኣየ ሓሓሊፉ ዝተጋነነ እዩ ተባሂሉ ክንቀፍ ንዕዘብ ኣለና። መንግስቲ ቻይናውን ብወገኑ ነዚ ኣመልኪቱ ዝመጽእ ነቐፌታ ፖለቲካዊ ሳዕቤን ንምክልኻል ክብል ብኣሉታ ዝምልስ እንትኾን፣ ንሕልንኦም ዝሰርሑ ሹመኛታት ግን ሕልፍ ናበልካ ኣይጠፍኡን። ንኣብነት ኣብ 2007 ዓ.ም.ፈ ዝወጽአ ቋጠባዊ ፀብፃብ ጌጋ ከምዘለዎን ከምተጋነነን ዳይሬክተር ሓደ መንግስታዊ ትካል ቻይና ዝኾነ ሱ ሲኣንቹን ኣብ NBS ዝተብሃለ ኣብ ቋጠባዊ መረዳእታታት ዝነጥፍ ድህረ ገፅ ብጽሑፍ የረድአ። ንሱ እቲ ምኽንያት ከረድእ ከሎ፣ እዚ ጌጋ ዝፍፀም ብናይ ኣሰራርሓን ኣለኻኽዓን ጌጋ ከምዝኾነን መኣረምታ ከምዝድሊዮን ኣይሓብአን።

መሪሕነት ኮሚኒስት ፓርቲ ቻይና፣ ብፍላይ ምልክነት ኣቦ ወንበር ማኦ ዜዱንግ በዚ ኣዕናዊ ፖሊሲን ክኽፈል ዘይግባእ ዋጋ ናኽፈለ ዓመታት ባኺኑ ማእለያ ዘይብሉ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ ቻይና'ውን ኣፍቲ ዝድለ ከይብጽሐ ጸኒሑእዩ። እንተኾነ ግን ኣፍቲ መሪሕነት ውሽጢ በቲ ድሕሪ ዓወት ዝመጽአ ሓዱሽ ሂወት ህዝባዊ እምነቶም ዘይተዓጸፈ ፅኑዓት ተጋደልቲ ስለዝነበሩ ውዒሉ ሓዲሩ እቲ ህዝቢ ዝተቓለሰሉ ዕላማ ቕኑዕ መገዲ ክሕዝን ቻይና ናፍቲ ሀዚ ዘላቶ ብርኪ ክትበጽሕ ኣኽኢሎምዋ እዮም። መሲልካ እንታይ ኣምፃእኻ ከም'ቲዝበሃል፣ እዚ ኩነታት ኣብ ሃገርና ከመይ ይኸውን? እቶም ኣብ ቻይና ዝተፈጸሙ ጌጋታት ዝድገሙ ዘለዉ ዶ ይመስል? መልሱ ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተገለጸ እወ ብዙሓት ነገራት ይድገሙ ኣለዉ እዮም'ሞ እቶም ጌጋታት ክንርኢ።

**ህወሓት ዝመርሖ ክልላዊ ምምሕዳር ትግራይ**

ድሕሪ ዕጥቃዊ ቓልሲ ብዓወት ምዝዛም ኢህወደግ ዝመርሖ ምንግስቲ ሃገርና ቐሊል ዘይበሃል ውሽጣዊን ደጋዊን ኣንቀፍቀፋት ናጋጠምዎ እውን እንተኾነ ኢትዮጵያ ካፍቲ ዝነበረቶ ጸልማት ናብ ብርሃን ክበሃል ናብ ዘኽእል ኩነታት ቐይሩዋ ትንሳኤ ሃገርና ዝገሃደሉ መስመር ተታሒዙ ኣሎ። መሪሕነት ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ሒዙ ልክዕ ከምቲ ኣብ ዕጥቃዊ ቓልሲ ሰፍ ዘይብል ሕልፊ መስዋእቲ ዝኸፈሎ ኣብዚ ሰላማዊ ናይ ለውጢ መድረኽ'ውን ካብ ዝኾነ ውድብ ንልዕሊ እወንታዊ ተራ ከምተፃወተ ጥርጥር የብሉን። እዚ ፅሑፍ እዚ ውሱን ጉዳያት ዝጥምት ስለዝኾነ ግን ብሃገር ደረጃ ገዲፍና ኣብ ክልልና ዘሎ ሓፈሻዊ ኣካይዳ እዩ ዝመልከት። ሓፈሻዊ ዝበልኩሉ ምኽንያት እቶም ኣብዚ ዝልዓሉ ጉዳያት ህዝቢ ዝፈልጦምን ምንግስቲ'ውን ወግሐ ጸብሐ ከም ሽግር ዘልዕሎምን ነገር ግን ፍታሕ ዘይገብረሎም ህዝቢ ዘንጸርጽረሎም ኣርእስቲታት ስለዝኾኑ ናይ ሕድሕድ መረዳእታ ምእካብ ዘይድሊዮም ስለዝኾነ እዩ። ስእነት ሰናይ ምምሕዳር፣ ፍትሒ ምጉዳል፣ ክራይ ኣካብነት፣ ዘይዴሞክራሲያ ኣተሓሳስባ፣ ግዕዝይና፣ ወዘተ መንግስቲ ከም ቐፃሊ ቓልሲ ዘድሊዮም ሽግራት ገይሩ ዘልዕሎም ጉዳያት እንትኾኑ፣ ሕቶ ህዝቢ ብእዋኑ ኣብ ምምላስን ልምዓታዊ መደባቱ ኣብ ምፍፃምን ውጺኢቶም ኣብ ምፅብፃብን ግን ድኹምን ብጥንቃቐ ክፍተሽ ዘለዎ ጉዳይ እንዳሃለወ ብመንግስቲ ክልልናን ብተዋረድ ዘለዉ መሓውራቱን ዝቐርብ ጸብፃባት ግና ተመሳሳሊን ዓወት ጥራይ ዝትርኽን እዩ። ናይ ምርካዕን

ግርም ኣለና ዘስምዕ ብደርፊታት ተዓጀበ ዜና ዓወትን ጎስጓስን ብምረኻቢ ሓፋሽ ምስማዕ ዓብላላይ ተርእዮ እዩ። ንሱ ጥራይውን ኣይኮነን፣ ካብ ዜጋታት ዝግበር ነቐፌታን ጥርዓናትናʼውን ሃናፅይ ትሕዝትኡ ብዘየገድስ ብኣሉታዊ ጥራይ ናይ ምፍራጅ ኩነታትʼውን ልሙድ መግለጺኡ እቲ ኸይዲ እዩ። እሞ እምበኣር እቶም ጽሑቓት ስራሕቲ ከምዘለዉ ኮይኖም ኣብዘም ብኣሉታዊ ዝግለጹ ጉዳያት ኣመልኪቱ ዘለዉ ኣገደስቲ ድኽመታት ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ሃናፅይ ዝኾነ ትኹረት ስለዘድሊዮም ትዕዝብተይ ንምክፋል እዩ።

**መረዳእታን ፀብፃባትን ጭቡጥ ኩነታት ትግራይን**

ኣብ ትግራይ ዝሳለጡ ዝበሃሉ ናይ ልምዓትን ምስፋን ሰናይ ምምሕዳርን ኩነታት ኣስትውዒልና እንተተዓዚብና ኩሉʼኳ ዘይኮነስ ብዙሓት ነገራት ካፍቲ ብመንግስታዊ መራኸቢ ሓፋሽ ዝበሃል ዝተፈለዩ ምኺኖም ንምርዳእ ቐሊል እዩ። ብወገነይ ምንም እኳ ቐሊል ዘይበሃል ስራሕቲ ተሰሪሖም እንተኾኑ (ኣብ ምስፋን ሰላም፣ ምህናፅ መገዲን ትካላት ጥዕናን፣ ሓመድን ማይ ዕቀባ፣ ዳግመ ግረባ፣ መስኖ ልምዓት፣ ብመጠኑʼውን ኣናእሽተይን ደቀቕትን) ብሰንኪ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ቻይና ዝተገበረ ኣዕናዊ ጌጋታትን ኣካይዳን ኣብ ብዙሕ መዳያት ይድገም ከምዘሎ ግልጺ እዩ። እስቲ ምእንታን ሱቕ ኢልካ ዝበሃል ዘሎ ከይመስል ኣፅብብ ኣቢልና ብዙሕ ምርምር ዘየድሊዮም ውሱናት ጉዳያት ክንርኢ ንፈትን፣-

ኣብ ዞባታት፣ ወረዳታት፣ ከተማታትን ጣቢያታትን/ቐበሌታትን ዝተፈላለዩ ልምዓታዊ መደባት ብመንግስቲ ከምዝሳለጡ ፍሉጥ እዩ። ውጺኢት ናይቶም ዝሳለጡ መደባትውን ብዓብላላይነት እወንታዊ ጥራይ ተገይሮም እዮም ዝቐርቡ። ከምቲ ኩሉ ዝዕዘቦ ኣብ መራኸቢ ሓፋሽ ዝቐረበ ሓላፊ ኩሉ ብቑፅሪ ናለክዐ ክንድዚ ፐርሰንት ነይሩ ክንድዚ ፐርሰንት ወሲኽና እዩ ዝብል። እቲ ናይ ቑፅሪ ወሰኽ ንምርግጋፅʼውን ሓደ ክልተ ተመረጹ ተጠቀምቲ ከም ኣብነት ናብ ቴሌቪዥን መሽኮት ቐሪቦም ዕምቆት ዘይብሉ ሕቶ ይሕተቱ ዕምቆት ዘይብሉ መልሲውን ክምልሱ ተደጋጊሞም ይራኣዩ። እዚኦምን ክምዚኦምን ዝበሉ መረዳእታታት ድማ ብዝምልከቶም መንግስታዊ መሓውራት ገይሮም ናብ ክልል ይድይቡን ከም ናይ መወዳእታ ሓቂን ምረዳእታን ተገይሮም ይውሰዱ። እቲ ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ቤት ምኽሪ ክልልʼውን እዚኦም ደማሚሩ ዓመት ዓመት ተመሳሳሊ ዝኾነ ብዓብላላይነት ጥንካረን ውሱን ድኽመትን ዝሓዘ ጸብፃብ ብምቕራብ ንዝመጽእ ዓመት ዝበለጸ ስራሕ ክሰርሕ ከምዘለዎ ኣብ ምርድዳእ ከምዝበጽሐ ኮይኑ ዝፍጸምን ዘይፍፀምን ቃል ይኣቱ፣ ጉባኤ ይዕጾ፣ ዓመት ዓመት ከምኡ ናበለ ይቕጽል።

ንኣብነት ቐረብ ፅሩይ ማይ ከተማታት ትግራይ ኣመልኪቱ ቤት ምኽሪ ክልልና ኣብ ዘቕርቦም ዓመታዊ ጸብፃባት ዓሚ ክንዲዚይ ፐርሰንት ነይሩ ብኽንድዚ ወሲኽና ናበልካ ምቕራብ ልሙድ እዩ። ነገር ግን ከተማታትና ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብማይ ሕፅረት ተሸጊረን ይነብራ ከምዘለዋ ኩላትና ንፎልጦ ጉዳይ እዩ። ናይ ከተማ መቐለ ማይ ቐረብʼኳ እቲ ሽግር ከምዘሎ ተኣሚኑሉስ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝተፈላለዩ በዓል ስልጣናት ተስፋታት ዝህቡ መግለጺታት ሂቦምሉን ይህብሉን ኣለዉ። ከምቲ ኩሉና ንዝክሮ ጭን ፈረስ እኹል ማይ ተረኺቡ ኣሎ ኣብ ሓጺር እዋን ዘላቒ መፍትሒ ከምፀኣልና እዩ ኢሎም ኣብ ሓደ እዋን ዝነበሩ ከንቲባ ብመራኸቢ ሓፋሽ እርግፀኛ ኮይኖም ገሊጾም ነይሮም። እዚ ግን

ዘይጭበጥ ቃል ኮይኑ ተሪፉ። ብድሕሪኦም ዝመጽኡ ካልኦትውን ማይ ናብ ኩሉ ንምብፃሕ ሓዱሽ መስመር ቡምባ ኣብ ምዝርጋሕ ስለንርከብ ኣብ ሓጺር እዋን ተወዲኡ ኣገልግሎት ክህብ እዩ ኢሎም ብመራኽቢ ሓፋሽ ከምዘይነገሩና ዓመታት ምስሓለፈ ድማ ጠ/ሚ ሃይለማሪያም ዘላቒ መፍትሒ ንምግባር ንመንግስቲ ቻይና ሓገዝ ከምዝሓተቱ ንህዝቢ ገሊጾምሉ። ሎሚውን ብ347 ሚሊዮን ብር ን500,000 ሽሕ ህዝቢ ዝኣክል ናይ ማይ ፕሮጀክታት ኣብዚ ዓመት የሰልጥ ኣለኹ ክብል መንግስቲ ክልልና [ገሊጹ ኣሎ[1]]።

መመሓደርቲ ክልል ትግራይ ድሕሪ 25 ዓመታት ንምንታይ እዚ ምፍፃም ኣቢዎም? ድሕሪ ውድቀት ደርግ ብግጭት ትሕመስ ዝቐጸለት ክልል ሶማሊያ እኳስ ርእሰ ከተማኣ ጅግጅጋ ዘነበራ ጸገም ማይ ንምፍታሕ ልዕሊ 140 ኪ.ሜ ዝንውሓቱ መስመር ቡምባ ዘርጊሓ ጸገማ ከምዝፈትሐት ብስእላዊ ዜና ኣብ EBC ርኢና ኢና። ትብዓት መራሕቲ እቲ ክልል ድማ ይበል ኢልና። ብኣንፃሩ ኣብ ሰላማዊ ኩነታት ትነብር ዝጸንሐትን ዘላን ክልልና እዚ ገዚፍ ጸገም ምፍታሕ ኣቢዎም ዓመት ዓመት ማይ ዘይቛጽር ምኽንያታት ከውሕዙልና ንርኢ። እቲ ሓቂ መንግስቲ ከምቲ ዝብሎ ዘይኮነስ እቲ ቐንዲ ሽግር ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ግዕዝይናን እዩ። ተጠያቕነት ብዘይብሉ ኣገባብ ንሓለፍቶቶ ሚሊዮናት ዘውጽኡ ላንድ ክሩዘራት ናዓደግካ (እሞ ኣብ ዓዲ ውሽጢ ዝምረታ/ዝግጠማ መኪናታት ምግዛእ ናተኽኣለ)፣ ኣብ ኣኼባታትን ዳንኬራታትን ሚሊዮናት ናባኽንካ ሕፅረት ባጀት ዓብዪ ጉዳይ ኮይኑ ናብ ለመና ምእታው ዶ ምተገብአ...? ሕልናን ዘለዎ ይፍረድ።

ካልእ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኾይኑና ዘሎ ጉዳይ ምህርቲ እኽሊ ዝምልከት እዩ። መንግስቲ ብዝውንኖም መራኽቢ ሓፋሽ ምህርቲ ዓጺፍና ናተብሃለ ዓመት ዓመት ብሚሊዮናት ኩንታላት ክጸብጸብ ምርኣይ ልሙድ እዩ። እቲ ኣብ ክልልና ዘሎ ሓቂ ግን ቑጽሩ ዘይንዓቕ ክፋል ህዝብና ካብ ሴፍቲ-ኔት ናይ ረድኤት እኽሊ ዘይወጽአ ምዃኑ መንግስቲ'ውን ዝኣምነሉ እዩ። ሓደ በዓል ስልጣን ክልልና ኣብዚ እዋን ዘሎ ዑምቀት ድኽነት ህዝቢና ንሓደ ተመራማሪ እንትገልጹ 40 ሚኢታዊ ህዝቢ ትግራይ ካብ ፍርቂ ዓመት ንላዕሊ ዓርሱ ክቕልብ ኣይኽእልን ይብሉ። ቃል ብቓል ንምቕማጥ፦ “40 % of our population do not feed their families the whole year. They can only feed half of the year” ይብሉ ኣይተ ዘሚካኤል። ([ቪዲዮ ኣብዚ ይመልከቱ[2]])

ኣብ ነገርና ገበርቲ ሰናይ ትካላት ክንድዚ ሚሊዮን ህዝቢ ናይ እኽሊ ሓገዝ የድሊዮ ኣሎ እንትብሉ ድማ መንግስትና መጠን ናይ ሓገዝ ደለይቲ ኣጋኒንኩም ናበለ ክዋጠጥ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ድሕሪ 25 ዓመታት ናይ ሰላምን ልምዓትን ጉዕዞን ልዕሊ ዓሰርተ ክልተ ዓመታት ናይ ክልተ ኣሃዝ ቑጠባዊ ዕቤትን ህዝብና ካብ እኽሊ ምስፋር ዘይወጽአ ምዃኑ ኣይከሓደን። ንሱ ምእማን እወንታዊ ኮይኑ ካብዚ መሰከፊ ኩነታት ዘይደሓነሉ ምኽንያት ግን መንግስቲ ክልልና (ዋሃላ

---

[1] ኢዜአ (15 Oct 2015) በትግራይ ክልል ከተሞች የመጠጥ ውሀ ግንባታ እየተካሄደ ነው

http://www.ena.gov.et/index.php/social/item/8408-2015-10-15-17-45-12

[2] ቪዲዮ (Jun 27, 2013) Hungry For Education; Street Children of Mekelle, Ethiopia

https://www.youtube.com/watch?v=892AuhbOMFA&feature=share

ሃገርና) ስጋብ ሎሚ ብቑዕ ምኽንያታትን መግልጺን ኣይህበሉን ጥራይ ዘይኮነስ እዚ ኣመልኪቱ ዝቐርብ ነቐፌታዊ ርኢቶ'ውን ብኣሉታዊን ብዓርሰ ምክልኻል መንፈስ እዩ ዝምልስ።

ብሃገርን ብክልልን ዘሎ ምህርቲ እኽሊ ወሰኽ ከምዘለዎ ዘየጠራጥር'ኳ እንተኾነ ሓቅነት እቲ ዝጽብጸብ ዘሎ ምህርቲ መጠን ግን ክንጠራጠሮ ንግደድ። ኣብ ክልልና ዝቐርብ ፀብፃብ ሓቂ እንተዝኸውን ነይሩ ዓመት ዓመት ናይ ለመና እኽሊ ዝስፈረሉ ምኽንያት የለን (ንሱ'ውን ቕድመ ኩነት ተገይሩሉ)። ኣብ ርእሲኡ ድማ መጠኑ ይፈላለ ድኣምበር ዓመት ዓመት ድርቂ ክፍለየና ኣይከኣለን። ኣብዚ ዓመት'ኳስ ኣብ 21 ወረዳታት ዝርከቡ 111 ጣቢያታት ብድርቂ ተጠቒዖም ናብ 900,000 (ትሽዓተ ሚኢቲ ሽሕ) ዝግመት ህዝቢ ኣብዚ እዋን ህፁፅ ሓገዝ ምግቢ ከምዘድሊን ነዚ ተባሂሉውን 100 ሚሊዮን ብር ከምተዳለወ መንግስቲ ይገልጽ[3]። እዚ ማለት ነብስወከፍ ብድርቂ ዝተጠቕዐ ሰብ 100 ብር ይሕገዝ ማለት እዩ። ኣብ ሓደጋ እዋን ናይ ክልልና ዓቕሚ ኮይኑዎ እዚ እንተኾይኑ ብሓቂ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዘተሓሳስብ ሓደጋ ከምዘሎ ክንርዳእ ኣለና።

እቲ ኣብ ፀብፃባት ናይ ቑጽሪ ምድርዳር ሕማም ኣብዘም ዝተጠቕሱ ጥራይ ኣይኮነን ዘሎ። ገና ኣብ መሬት ካብ ዘይወረዱ ናይ መዋፈርቲ ምስክር ወረቐታት ናተቐድሐ ዘይተጨበጠ ካፒታል መጠንውን ይቐርብ እዩ። ንኣብነት መንግስቲ ክልልና ኣብዚ ዓመት እዚ ኣብከምዚን ኣብከምትን ሃፍቶም ዘዋፍሩ ክንዲዚ ቢሊዮን ብር ናይ ኢንቨስትመንት ፈቓድ ሂብና ክብል ኩሉጊዜ ንሰምዕ ኢና። ከምዚ ተፀብጺቡሎም ከብቅዕ ድማ ኣይሰርሑን ብዝብል ምኽንያት ዝወሰዱዎ መሬት እንትምንጠሉ ንርኢ። ናይ ሃገር ሃፍቲ ሒዙ ዘይሰርሐ ምምንጣሉ ትኽክል ኮይኑ እቲ መጀመርታ ዘመዝገቦ ካፒታል መጠን ግን ምስተፀብፀበ ስለዝተረፍ መረዳእታታት ብቐፃሊ ንምዝባዕ መገዲ ይኸፍት። እቲ ሓቀኛ ኣብ ክልልና ዘሎ ስእሊ እንተተዓዚብና ግና ብጀካ ራያ ቢራን ሓደ ክልተ ዝኾና ናይ ሼኽ መሓመድ ኣላሙዲን ትካላት እስካብ ሀዚ እዚ እዩ ዝበሃል ትርጉም ዘለዎ ናይ ውልቀ ፋብሪካ የለን።

ብኣንፃሩ ናይቲ ክልል ተወለድቲ ዝኾኑ ሃፋትም ኣብ ማእኸል ሃገር ናኸዱ እዮም ፋብሪካን ትርጉም ዘለዎም ስራሕቲን ዝሳልጡ ዘለዉ። እዚ ኣባህላ እዚ ናይቲ ክልል መማሕደርቲ ዘይፈትዉዎ'ኳ እንተኾኑ ፅዑይ ሓቂ ምዃኑ ክስመረሉ ኣለዎ። እዚ ማለት ግና ናይ ሓደ ክልል ተወልድቲ ኣብ ክልሎም ጥራይ ተሓጺሮም ሃፍቶም ከዋፍሩ ኣለዎም ንምባል ኣይኮነን። ከምቲ ዝፍለጥ ብዙሓት ብምዕራባዊያን ዝውነና ትካላት ርካሽ ጥረ ሓፍትን ናይ ሰብ ሓይሊን ኣብ ግምት ብምእታው ሃፍቶም ኣብ ካልኦት ኣብ ምዕባይ ዝርከበ ሃገራት የዋፍሩን ንሃገሮም'ውን ዘይተኣደነ ሃፍቲ ከም ዝፈጥሩ ዝፍለጥ እዩ። እሞ ሃፋትም ተጋሩ'ኸ ርካሽ ጥረ ሓፍትን ናይ ሰብ ሓይሊን ደሊዮም ድዮም ትግራይ ገዲፎም ንኣዲስ ኣበባን ኸባቢኣን ዝኸዱ ዘለዉ? እዚ መግለጺኡ ኣይኮነን። ነቲ ኩነታት ብትኽክል ንምግልፅ እንተተደሊዩ እቲ ኣብ ክልልና ዘሎ ዘይምዕሩይ ኣሰራርሓን ጉዕዙይ ቢሮክራሲን ቐንዲ ተሓታቲ እዩ።

---

[3] ኢዜአ ዜና ትንታኔ (23 Oct 2015) ያጋጠመን የድርቅ አደጋ----በመንግስትና በህዝብ ርብርብ ይፈታል !

http://www.ena.gov.et/index.php/component/k2/item/8617-2015-10-23-18-53-51#sthash.vTJ28e0w.dpuf

ኣብ ነገርና እቶም ዝቐርቡ ፀብፀባት ኣብ ኩሎም ክንድዚ ቕኒስና ወይ ድማ ንድሕሪት ተመሊስና ዝብል ዘረባ ብዙሕ ኣይትኮረሉን ጥራይ ዘይኮነስ ኣፍቶም ከም ዓወት ዝቐርቡ'ውን እንተኾነ ካብ ቑፀሪ ምፅብፃብ ሓሊፉ ኣብ ፅሬት እቲ ለውጢ ትኹረት ኣይግበርን። ናይዚ መግለጺ ዝኸውን ሓደ ክልተ ኣብነታት ከዘኻክር። ግልጋሎት ወሃብቲ መንግስታዊ ትካላትን ብፍላይ ኣብ ከይዲ ፍትሒን ዝምልከት ኣገልግሎት ዝረኸቡ ሰባት ቖጺርካ ጥራይ ከም ዕቤት ክጽብጸብ ንርኢ። እዚ ናይ ቑጽሪ ተገልገልቲ ዕቤት በይኑ ከም ዓወት ካብ ዝርአ ግን ብፅሬት እንተዝልካዕ'ውን ዝበለጸ ምኾነ ነይሩ። ምኽያቱ ናብ ፍትሒ ትካላት ቐሪቦም ብግበረለይ ክገብረልካ ጉዳዮም ዘዕፅዉ ብኣንፃሩ ድማ ፍትሒ ሲኢኖም ክርተት ዝብሉ ዜጋታት ስለዘለዉ። ተፈሪዱዎም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣለዉ ዝተብሃሉ'ኳስ ኣብ ከተማ መኪና ናዝውሩ ካልኣይ ወንጀል ፈጺሞም ከምተትሓዙ ተረጋጊጹ እዩ። ከምቲ ብወያናይ ኣቦይ ቐሺ ገብረገርግስ ገብረማርያም ኣፍቲ ዝሓለፈ ውድባዊ ጉባኤ ዝበልዎ 'ህዝቢ ዶርሆን ጤልን ሸይጡ ፍትሒ ይዕድግ ዘለሉ ኩነታት ኢና በጺሕና ዘለና'። ንዚ'ውን እዩ ኣብ ፀብፃባት ቑጽሪ ዝተደርደረ ይደርደር እቲ ከይዲ ፅሬት ስለዘይብሉ ህዝቢ ብስእነት ፍትሒን ሰናይ ምምሕዳርን ምኽንያት ዘንጸርጽር ዘሎ።

ብተመሳሳሊ ጽሬት ትምህርቲ ምስትምሃርን መሬት ዘቢጡ ከምዘሎ ናተፈለጠ ሀዚውን ቑጽሪ ተኮር ጸብፃባት እዮም ዝዕብልሉ። ኣብ ቐረባ እዋን ካብ ኣፍቲ ዓውዲ ዘገልግሉ ሰባት ከምዝሰማዕናዮ፣ ኣብ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲ ከም መምሃራን ኮይኖም ንኽሰርሑ ዝተሓረዩ ሰብ ዲግሪ እቲ ከምህርዎ ዝተብሃለ ዓይነት ትምህርቲ ፈተና ቐሪቡሎምስ ካብ 50 እቲ ዝለዓለ ሓደ ሰብ ጥራይ 36 እንትረክብ ዝተረፉ ቑጽሮም ብዙሓት ዝኾኑ ተፈተንቲ መምሃራን ድማ ካብ 18 ንታሕቲ ከምዝረኸቡ እዩ። እዚ መደንገጺ ውጽኢት ድማ ንትምህርቲ ቢሮ ክልል ትግራይ ብምቕራብ ፅሬት ትምህርቲ ኣብ ዘተሓሳስብ ብርኪ ወዲቑ ከምዘሎን ብዙሕ ክስርሐሉ ከምዝግባእን ብመረዳእታ ገይሮም ከምዝሓበሩሎም ገሊጾምልና። እዚ ናይ ፅሬት ሽግር ኣብ መላእ ሃገር ዘሎ'ኳ እንተኾነ ውሑድ ተምሃሪ ኣብ ዘለዎም ከም ትግራይ ዝበሉ ክልላት ግን ውዒሉ ሓዲሩ ብዙሕ መግለጺታት ዘለዎ ኣሉታዊ ተፅዕኖ ኣፍቲ ክልልን ህዝብን ከምዘስዕብ ርዱእ እዩ። እቲ ክፍለጥ ዘለዎ ክልልና ብሃገር ደረጃ ንቕድሚት ዝነብራ ኩለመዳያዊ ግደን ፖለቲካዊን ማሕበረ-ቑጠባዊን ኣስተዋፅኦን ብዋናነት ኣብ በዓል ዓቕሚን ተወዳዳራይ ዝኾነ ናይ ሰብ ሓይሊ ምፍጣር ዝተደረኸ እዩ። ኣብዚ ብጽሬት ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሸለሙ ቤት ትምህርቲታት የለውን ወይ ገለ ገለ ፃዕሪታትውን ኣይግበርን ማለት ኣይኮነን። ዘለናሉ ብርኪ ግን ነዚ ልዕል ኢሉ ዝተገለጸ ይመስል።

እቲ ሓቂ ከምዚ እናሃለወ እዩ 'ግርም ኣለና ንኺድ ጥራይ' ዘስምዑ ጸብፃባት እንትቐርቡን ከም ሓቂ ተወሲዶም እንትፀድቁን ንርኢ'ሞ ጽቡቕ ኣሎ ተባሂሉ ንዓመታት ዝተፀብፀበሉ ጉዳይ ኣብ ሽግር ወዲቑ መዘራረቢ ኣርእስቲ ኮይኑ ክምፅእ ንሪኦ ዘለና። ኩሎም እቶም ዝጠቀሱ ሽግራት ማለትውን ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ፍትሒን፣ ግዕዝይና፣ ድርቂ፣ ስእነት ማይ፣ ጽሬት ትምህርቲ ወዘተ ንብዙሕ ዓመታት ተዘሪቡሎም ሎሚ'ውን ምንግስቲን ህዝቢን ይዛረበሎም ኣሎ። እሞ ደኣ እቶም ዓመት ዓመት ዝጽብጽቡ ዝነበሩ ዕቤት ቑፅሪታት ኣበይ ኣተዉ ይበሃል? እቲ ዝሕዝን ንዝኾነ ውድቀት ተሓታቲ ኣካል ተይተቐመጠ ህዝቢ ዘሰልቸዉ ልሙዳት ምኽንያታት ክቐርቡ ኢና ንርኢ። ነዚ ኹሉ ጠንቂ ካሊእ ዘይኮነስ እቲ መንግስቲ ወግሐ ጸብሐ ዝነግረና ዘሎ ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ሱር ዝሰደደ

ግዕዝይናን እዩ። እዚ ዝኾነሉ ድማ ንቓልዓለም ኢልና ምኽንያት ክነብዝሕ ተዘይደሊና እቲ ቐንዲ ተሓታቲ እቲ ኩነታት ንምቕያር ዘድሊ ፖለቲካዊ ቑርጸኝነት ዘለዎ ብቑዕ መሪሕነትን ምስኣና ጥራይ እዩ። ንምንጋር ዘጸግም መስተንክራዊ ታሪኽ ዝሰርሐን ህዝቢ ኣሚኑዎ ዝሰዓበን ውድብ ኣብዚ በጺሑ ሰኣን ብቑዕን ውፉይን መሪሕነት ደምበርበር ክብል ክንድምራኣይ ዘሕዝን ነገር የለን። ብሓቂ ከምቲ ሓደ ሓደ ወገናት ዝብልዎ ''እዚ ውድብ ዕድለኛ እዩ'' ተቐየረለይ ዘይኮነስ ተዓአረየለይ ዝብል ዓቕሊ ዘለዎ ህዝቢ ስለዝረኸበ። ግና ኣብ ሕሉፍ ታሪኽን ዓወታትን ጥራይ ክንበር ከምዘይከኣል ህዝብና ካብ ናዊሕ ተሞክሮ ስለዝተምሃረ ኩሉ መወዳእታ ከምዘለዎ ምርዳእ የድሊ።

## ክቕየር ዘለዎ ኢ-ሳይንሳዊ ኣሰራርሓ

ንምኺኑ ፖሊሲታትን ልምዓታዊ መደባትን ብትልሚ መሠረት ምፍፃሞም ከመይ ዓይነት ገምጋማዊ መጽናዕቲ ተገይሩሎም እዩ እቶም ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዘቕርቡዎም ፀብፃባት ከም ናይ መወዳእታ ሓቂ ኮይኖም ዝውሰዱን ኣካል እቲ ክልላዊን ሃገራዊን ፀብፃብ ማሕበረ-ቑጠባዊ ዕቤት ኮይኖም ዝውሰዱ ዘለዉ? ነቶም ዝካየዱ መደባት ልምዓት ቅዲሙ ተቐመጠ ሳይንሳዊ መለክዒ እንታይ ይመስል? እዘም ሕቶታት እዚኦም ግቡእ ምላሽ እስካብ ዝረኽቡ ደጋጊምካ ምሕታት የድሊ። ብዘለኒ መረዳእታ እስካብ ሀዚ መንግስቲ ዝሓዞም መደባት ተፈፃምነቶም ንምርግጋፅ ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ፀብፃብኩም ስደዱልና ካብ ምባል ዝሓለፈ ነዞም ዝቕርቡ መረዳእታት ብኸመይ ከምተረኽቡን ተኣማኒነቶምን ንምርግጋፅ እስካብ ታሕተዋይ መንግስታዊ መሓውር (ወረዳ/ቐበሌ/ጣቢያ) ዝወርድ መፃረዪ መስርሕ የለን። ስለዝኾነ ድማ መንግስቲ ኣብ ዝገብሮም ናይ ልምዓት መደባት ሳይንሳዊ ኣሰራርሓ ዘይምኽታሉ ሓደ ካፍቶም ዓበይቲ ጎዶሎታት ገይርካ ክውሰድ ይከኣል እዩ። ናይ ልምዓት መደባት ኣብ ትኽክለኛ ሳይንሳዊ መረዳእታ ዝተመስረቱ ብዘይምኺኖም ድማ እቲ ዝድለ ዘሎ ለውጢ በቲ ዝድለ ቕልጣፈ ንኸይመጽእ ዕንቅፋት ኮይኑዎ ኣሎ።

ክንርድኦ ዘለና ዕዉታት መደባት ንብሎም ፅቡቕ ውጽኢት ዘለዎም እዮም፣ ጽቡቕ ውጺኢት ድማ ብሰናይ ምምሕዳር ይመጽእ፣ ሰናይ ምምህዳር ድማ ኣብ ትኽክለኛ ውሳነ ይድረኽ፣ ትኽክለኛ ውሳነውን ኣብ ትኽክለኛ ሓበሬታ ይምርኮስ፣ ትኽክለኛ ሓበሬታ ድማ ትኽክለኛ መረዳእታን ውሕሉል ትንታነን ይሓትት። እዚኦም ዘይነፃፀሉ መስርሕ ገምጋም እዮም። ብዙይ ዘይተመርሐ መደብ ልምዓት ውፅኢታዊ ኣይኸውንን ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ህዝቢ ሃፍቲን/ፀጋታትን ወርቃዊ ግዘን በኸንቱ በሊዑ እቲ ዝሕሰብ ዘሎ ልምዓትን ድኽነት ምጥፋእን ዘይጭበጥ ይገብሮ። ውዒሉ ሓዲሩ ድማ ከምቲ ኣብ ቓይና ብተደጋጋሚ ዘጋጠመ ኣዕናዊ ኩነታት ከጋጥም ንቡር ይኸውን። ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለጸ በቢደረጅኡ ዝነበሩ ሹመኛታት ኮሚኒስት ፓርቲ ቓይና ኣብ ከባቢኦም ዝነበረ ኩነታት ትኽክለኛ መረዳእታን ፀብፃብን ንመንግስቲ ስለዘየተሓላለፉ፣ መንግስቲ'ውን ካብ ናይ ህዝቢ መረረትን ናይ ግዱሳት ሙሁራን ነቐፌታን ንካድረታቱ ክኣምን ስለዝመረጸ መንግስቲ ኣብ ሃገሩ ዘለዎ ስእሊ ኣብ መሬት ኣብ ዘየለን ዝተጋነነን መረድእታ ዝተሃንፀ ክኸውን ክኢሉ፣ ውጽኢቱ ድማ ጉጉይ ውሳነታትን ህልቂት ሚሊዮናትን ኣስዒቡ።

ኣብ ሃገርና'ውን ኣብ ትኽክለኛ ዘይኮነ መረዳእታን ምስራሕ ልሙድ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ንምምሕያሽ ዝግበር ፃዕሪ'ውን ኣዚዩ ድኹም እዩ። ኣብ 25 ሕዳር 2007 ዓ.ም (ድርቂ ዘይብሉ ዓመት) ኣስታት 38 ሚልየን ኩንታል[4] ንምሕፋስ ከምተኽኣለ በመንግስቲ እንትግለጽ፣ ኣብ 21 ወረዳታት (መንግስቲ ዝኣመነሉ ጥራይ) ኸቢድ ናይ ድርቂ ሓደጋ ኣጋጢሙ ኣብ ሰፊሕ ኸባቢታት ክልልና ኣብ ክራማት ዝተዘርአ እኽሊ ኣብ ዝወቖሎ ተሪፉ ኣብ ዘለሉ እዋን ድማ መንግስቲ ከምዝስዕብ ይብል፣- ''መቀሌ ሚያዚያ 11/2008 - በትግራይ ክልል ዘንድሮ እየተካሄደ ካለው የመስኖ ልማት ከ75 ሚልዮን ኩንታል በላይ[5] ምርት እንደሚገኝ የክልሉ ግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ አስታወቀ።'' እዚ ዜና ብዙሕ ተይጸንሐ ካብ መርበብ ሓበሬታ ጠፊኡ። ምኽንያቱ ብተብተብ ዝተፈብረኸ ፕሮፓጋንዳዊ ሃልኪ ስለዝነበረ።

ክፍለጥ ዘለዎ ነገር ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ መንግስታዊ ሓላፍነት ተቖሚጥካ ንውሳነን ኣመራርሓ ዝጠቅም ትኽክለኛ መረዳእታ ዘይምቕራብ ንመንግስቲ ካብ ምጉዳእ ሓሊፉ ኣብ ህዝብን ሃገርን ድማ ኸቢዲ ዕንወት ዘብጽሕ እዩ። መንግስቲ'ውን ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ዘየዋጽእ ምዃኑ ተረዲኡ ኣብ ክንዲ ኣሰራርሑን መንግስታዊ መሓውራቱን ዝፍትሽ ፀብፃብ ምቕላል ወይ ድማ ዜና ዓወታት ከም ፖለቲካዊ ረብሓ ገይሩ ስለዝሪኦ ካብ ሹመኛታቱ ዝቐረበሉ ከምዘሎ ናወሰደ ተወሳኺ ጌጋ ይፍፀም። ክቡር ጠ/ሚ መለስ ዜናዊ ካብ በቢደረጃኡ ዝነበሩ ካድረታት ዝቀርበሎም ዝነበረ ናይ ጽቡቕ ኣለና ጸብፃባትን መረዳእታን መሰረት ገይሮም ኣብ መረፃ 1997 ዓ.ም ኣብ መስቀል ኣደባባይ ''*ህዝባችን ከኛ ጎን ነው*'' ኢሎም ኣብ ዝተዘረቡሉ ጽባሕ ህዝቢ ኣዲስ ኣበባ ግልብጥ ኢሉ ንቅንጅት ደጋፉ አንተገልጽን እንትመርጽን ርኢና ኢና። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ብሓደ ወገን መንግስቲ ዝሓዘ መርገጺን ምስሊን ኣብ ዘየለ ወይ ድማ ዝተጋነነ ጸብፃብ ዝተመስረተ ምንባሩን ንቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ ዝምጥን ኮይኑ ዘይምቕራቡን፣ ብኻልእ ወገን ድማ ሓይሊ ትምክሕቲ ህዝቢ ኣብ ኢህወደግ ዘለዎ እምነት ንክሸርሽር ቐሊል ዘይበሃል ጎስጓስ ምክያዶም እዩ። ከም ውጺኢቱ ድማ ሃገርና ብዙሕ ሰብኣዊ፣ ቑሳዊን ፖለቲካዊን ኪሳራታት ኣብፂሑላ ሓሊፉ።

ኩላትና ከምንዝክሮ እቲ ኩነታት ምስሓለፈ ኢህወደግ ንርእሱ ገምጊሙ ሕቶ ህዝቢ ብእዋኑ ሰሚዑ ክምልስ ዘይምኽኣሉን ብስሩውን ከተማታት ሽለል ኢሉወን ከምዝነበረ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽን መራኸቢ ሓፋሽን ክገልፅ ተሰሚዑን ምስ ህዝቢ'ውን ምኽክር ገይሩ እዩ። እዚ ዓርሰ-ነቐፌታ ምግባር ዝነኣድ እዩ። እንተኾነ ግና ድሕሪ ማይ ናብ ብዓቲ ካብ ምዃን ህዝቢ ዝብሎ ብእዋኑ ምስማዕን፣ ካብ ኣፋዊ ግብራዊ ምዃንን፣ ካብኡ ሓሊፉውን ፖለቲካዊ መርገጺኦም ብዘየገድስ ዝተፈላለየ ንሃገር ዝጠቅም ሞያ ዘለዎም ዜጋታትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ኣብ ኩለመዳያዊ ልምዓት ሃገሮም ሃናፂ ተራ ንክህልዎም ባይታ ምምችቻው ነቶም ዝተጠቐሱ ሽግራት ትርጉም ብዘለዎ ኩነት ክቕንሶም ይኽእል እዩ።

---

[4] ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ (ሰንበት 13, ታሕሳስ 2015) ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዘመዝገብናዮም ዓወታት ልምዓትን ዴሞክራስን ብምዕቃብ ተወሳኺ መስተንክራዊ ዓወታት ንምሕፋስ ንመርሽ! http://www.tig-gpr.org/weekly.php?id=126

[5] መቀሌ ሚያዚያ (11/2008) በትግራይ ክልል ዘንድሮ እየተካሄደ ካለው የመስኖ ልማት ከ75 ሚልዮን ኩንታል በላይ ምርት እንደሚገኝ የክልሉ ግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ አስታወቀ።''
http://www.ena.gov.et/index.php/economy/item/3766-75#sthash.Z4Rtp91t.dpuf

ብዝኾነ መንግስቲ ኣብ ዘካይዶም መደባት ትኽክለኛ መረዳእታ ንክህሉዎ ዝተቖናጀወ ሳይንሳዊ መስርሒ እንተዘይሃኒጹ ኣብ ውሳነታቱ'ውን ትልሚ ምውፃእን ጌጋ ክፍጽም ምኺኑ ርዱእ እዩ። ንዙይ'ውን እዩ ዓመት ዓመት ከም ዕውት ውጽኢት ናተፀብፀቡ ፀኒሖም መሊሶም ከምሽግር ዝለዓሉ ጉዳያት ንርኢ። በቢደረጅኡ ዝቖርቡ ጸብፃባት ዝተፈላለዩ መደባት ልምዓት'ውን ውጽኢቶም ካብ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ተባሂሉ ዝስፈር ሙያዊ መስፈሪ/ግምገማ ናተኻየደሎም ነቲ ኣብ መሬት ዘሎ ጭቡጥ ሓቂ እንትገልጹ ጥራይ እዮም ዘለና ጥንካረናን ድኽመትናን ክንርኢ ዝሕግዙና።

**ኣነነት፣ ምልኪን ዘይርትዓዊ ኣተሓሳስባን ፀረ ምዕባለ እዮም!**

ሃናፃይ ነቐፌታን ዝተፈላለዩ ኣተሓሳስባታት ዘየተኣናግድ ሕበረተሰብን መንግስታዊ መስርሕን ኣብ ፖለቲካዊ ማሕበረ-ቑጠባዊን ትሕዝትኡ ቕልጡፍ ለውጢ ንምምፃእ ከምዝሸገር ታሪኽ ሃገርናን ካልኦት ሃገራትን ይምስክር። ክምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ኮሚኒስት ፓርቲ ቻይና ኣፍቲ እዋን ካብ ወድባዊ መርገጺን ኣታሓሳስባን ወጻኢ ካልእ ዘየተኣናግድ ስለዝነበረ ካብ ሙሁራት ዝመጽእ ሃናፃይ ንቐፌታን ካብ ተራ ዜጋታት ዝውሕዝ ዝነበረ መረረትን ኣይንታዩን ነይሩ። ምልኪነት ኣቦ ወንበር ማኦ ዜዱንግ'ውን ንኹሎም ከም መድሐርሐርቲን ኾራኹር ሃፀይነትን ገይሩ ይሪኦምን የሸቑርሮምን ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ነታ ውድብ መሪሑ ብመሪር ብረታዊ ቓልሲ ካብ መንጋጋ ሃፀያዊያንን ኾራኹሮምን ነፃ ዘውፅኣ ዓባይ ሃገር ኣብ ሰላማዊ ኩነታት ኮይኑ ከማሓድራ ኣቢዎ ንልዕሊ 25 ዓመታት ዝኣክል ዘይግባእ ዋጋ ከፊላ።

ሎሚ ኣብ ሃገርና ኣንፃራዊ ሰላምን ነፃነትን ረኺብና ኣብ ንብለሉ እዋን'ውን እንተኾነ ኣብዚ መዳይ (ዝተፈላለዩ ሓሳባት ኣብ ምትእንጋድን) ብብዙሕ ምልክዕ ዝግለጽ ዘሰክፉ ጉዳያት ንዕዘብ ኣለና። ሓደ ካፍቶም ዘተሓሳስቡ ዓበይቲ ጉዳያት ኣብነት ንምሃብ፣ ሙሁራት ተጋሩ (ብፍላይ ልምዲን ተኽእሎን ዘለዎም ዓበይቲ) ሃናፃይ ነቐፌታ ንምቕራብ ዝሸቑረሩሉ ኩነታት እዩ ዘሎ። ኣብ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ናሰርሑ ዘይመስል ጸብፃባት ናተመሓላለፈን ማእለያ ዘይብሎም ጌጋታት ኣብ ህዝቦም ናተፈጸመ ናራኣዩ ዘፅቅጡ፣ ገሊኦም'ውን ፅቡቕ ኣለና ዝብሉ፣ ገለ'ውን ኣብ ንህዝቢ ዘየርብሑ ኣርእስቲታት ተሓቢኦም ዝነብሩ ኣለዉ። እዙይ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዘለዉዎ'ኳ እንተኾነ እቶም ቐንዲ ሽግራት ግና ከይብሉኒን ብኻልእ ዓይኒ ከይሪኡኒን ክየጥቅዑኒን ካብ ዝብል ዝነቐለ ስግኣት እዩ። ብርግፅ ግቡእ ስግኣት እዩ። ምኽንያቱ ዝነቐፈ ዝተፈላለየ ስማት ይልጠፎን ኣንፃሩ ዘቕንዐ ጠቐነ ከምዝወርዶን ስለዝፈልጥ።

እቲ ዘሕዝን ኣብ ክንዲ ኣፍቲ ዝለዓል ኣርእስተ-ጉዳይ ምትኳርን ነቐፌታ ከም ረብሓን ጸጋን ገይርካ ምርኣይን ትግራይ ብጀካና ዝሓስበላን ዝኹሕላን የለን ካልእ መንቆሪኣ እዩ ብዘስምዕ ኣተሓሳስባ ኣብ ስብእና ናይ ነቓፍቲ ዝወርድ መጸለምታ ወሰን የብሉን። ካብ ርኢቶ ወሃብቲ ወይ'ውን ነቓፍቲ ሓደ ኣገዳሲ ዘዕባ ኣብ ዝለዓለሉ እዋን ገለ ካብ ደገፍቲ መንግስቲ/ውድብ መልሲ ተባሂሎም ዝጥቅዑ ጽሑፋት ካብ ኣርእስቶም ጀሚሮም *ነጸልቲን ንዘተ ዘይዕድሙን* ብስሩውን ፍልጠት ዘይውስኹን እዮም። እዚ ማለት ግን ነቓፍቲ ኣይጋገዩን ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ነገር ሽምጥጥ ኣቢሎም ብምክሓድ ኣብ ጸለመን በለካን-ለኽዐካን ዝተዋፈሩ ውሑዳት ከምዘለዉ'ውን ፍሉጥ'ዩ። ንሶም'ውን

ካፍቶም ግርም ኣለና ኣይትተንክፉና ዝብሉ ብዝይፍለ ኣብ ጥፍኣት ኣለዉ። ኣብዚ ንብል ዘለና ግን ብዛዕባ ኣብ ክልተ ጫፍ ኮይኖም ዝዋጠጡ ዘይኮነስ ብዛዕባ መፃኢ ዕድል ህዝቦምን ክልሎምን ተገዲሶም ዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝዝትዩን ሃናፃይ ነቐፌታ ዘቕርቡን ብዙሓት ዜጋታት እዩ።

ኣርእስቲ ኣልዒልካ ስለዝነቐፍካ ካብ ካልኦት ዝነኣሰ ትግራይዋይ/ኢትዮጵያዊ፣ ጸረ ህዝቢ፣ ጸረ መንግስቲ ወይ'ውን ጸረ ውድብ ተገይርካ ክትውሰድ ብዝኾነ መዐቀኒ ርትዓዊ ኣይኮነን። ብዛዕባ ትግራይ ንምዝራብን ንምሕሳብን ትግራዋይ ወይ ድማ ኢትዮጵያዊ ምዃን እኹል ከምዝኾነ ናተፈለጠ ኣብ ልዕሊ ነቐፍቲ ዝወርድ ምጉናይን ምድሃልን ክትርኢ እንተለኻ ክንደየናይ ኣብ ዓሚቕ ድሕረት ተሸኺልና ከምዘለና እዩ ዘርኢየና። እምበኣርከስ ንህዝቡን ዓዱን ውድቡን ዝግደስ ኩሉ ከከም ዓቕሙ ዝርኣዮ ጉዳይ ዓልዒሉ ክዝቲን ክነቅፍን ማንም ዘይህቦን ዘይኸልኦን መሰል ከምዘለዎ ምርዳእ የድሊ። ብዛዕባ ሃገር ንምግዳስን ንምዝራብን መንግስታዊ ስልጣን ምሓዝ ናይ ግድን ስለዘይኮነ ሃናፃይ ነቐፌታ ይኹን ሪኢቶ ካብ ዜጋታት ኣብ ዝቕርበሉ እዋን ኣብ ልምዓት ህዝብና ረብሓ ከምዝህልዎ ተወሲዱ ብቕንዕናን ብዴሞክርሲያዊ ኣገባብን እዩ ክጥመት ዘለዎ። ሙሁራት ተጋሩ'ውን ካብ ናረኣኻ ምፅቃጥን ተመሳሲልካ ምንባርን ኣብ ጉዳይ ክልሎም ክዝትዩን ሃናፃይ ግደ ክህሉዎምን ይግባእ። ከምቲ ዝተብሃለ ''ኣብዚ ሀዚ እዋን ካብ ኣፉ ዝዓፁ ዋላ ሕልፊ ዝዘረብ ሰብ የድሊየና'' እዩ። መንግስቲ ይኹን ውድብ'ውን ነቐፌታን ሕቶን ካብ ዜጋታት ኣብ ዝወረዶም እዋን ከም ውልቀ ሰብ ክሓስቡ፣ ክተሃላለኹ፣ ክቕየሙን፣ ሕነ ክፈዲዩን ኣይግባእን። ብመሠረቱ ፍልፍል ናይ ስልጣኖም እቶም ዜጋታት ምኻኖም ንደቃይቕ'ውን እንተኾነ ክስሕቱዎ የብሎምን። ብምዃኑ ድማ ብተፀዋራይነትን ግዱስነትን ሕቶ ህዝቢ ክስምዑን ብኣግባቡ ክምልሱን ኣለዎም።

### ንሕልናኻን ንሕገ-መንግስትን ተገዛኢ ዘይምዃን

ህዝቢ ኣሚኑ ንኸገልግሉዎ ዝመረጾም ኣባላት ቤት ምኽሪ ትግራይ እዚ ብህዝቢ ዝተውሃቦም ኣመኔታ ከም ዕድል ቆጺሮም ረብሕኡ ኣብ ምርግጋፅ ክዋስኡ፣ ናይ ልምዓት መደባት ብትኽክል ምፍፃሞምን ዘይምፍፃሞምን፣ ብሓፈሽኡ ናይ ህዝቢ ሕቶ ባግባቡ ምላሽ ምርካቦምን ዘይምርካቦምን ኣብ መሬት ወሪዶም ናይ ምቁፅፃር ሓላፍነት ከምዘለዎም ዝዘንግዑ እዮም ዝመስሉ። እስካብ ሀዚ ንሪኦ ህዝቢ ኣሚኑ ናብ ቤት ምኽሪ ዝሰደዶም ተወከልቲ ካብ ተቓወምቲ ንፈፃሚ ኣካል ዝመጽእ ነቕፌታ ክከላኸሉ እምበር ናይ ዝመረጾም ህዝቢ ረብሓ ንምርግጋፅ ዝግበር ፃዕሪን ክርክርን ኣይንርኢን። እዚ ኣባህላ ንምርግጋፅ ቲቪ ትግራይን ብEBCን ዝመሓላለፍ ናይ ተወከልቲ ቤት ምኽሪ ኣኼባ ምርኣይ እኹል እዩ።

ንሱ ጥራይውን ኣይኮነን እቲ ሽግር ንሃገራዊ ይኹን ንክልል ቤት ምኽሪ ዝምረጹ ሰባት ኣብ ዝመረጾም ህዝቢ ብእዋኑ ናኽዱውን ኣይዘራርቡዎን። ንኣብነት ንምጥቃስ ከተማ መቐለ መሪጹ ንተወከልቲ ቤት ምኽሪ ዝሰደዶም ተመራጺ ኣብ ሓምሻይ ዓመት ንኻልእ መረፃ ንኽወዳደሩ ጥራይ እዮም ዝምለስዎ። ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ'ውን ናይቲ ዝመረጾም ከተማ ማይ ሽግር፣ ስእነት ፍትሒን ሰናይ ምምሕዳርን ክዘረብሉ ኣይረኣናን። ንሕገ-መንግስትን ንሕልናይን ተገዛኢ ኮይነ ልምዓት ብምስላጥ ሽግርኩም ክፈትሕ'የ፣ ወዘተ ኢልካ ኣብ ቕድሚ ህዝቢ ተመሪጽካ ነቲ ህዝቢ

ብዝግባእ ዘይምግልጋልን እሞ ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ክትምረጽ ተመሊስካ ክትምጽኦ እንተለኻ ኣብ ህዝቢ ዘለካ ንዕቐት ጥራይ እዩ ዘርኢ። ህዝቢ መሪጹ ናብ ቤት ምኽሪ ሰዲዱዎም ኣዋያቱ ዘይስምዕሉ ተወከልቲ፣ ዝተገበረን ዘይተገበረን ክጽብጸብ ዘይሓቱ ተመረጽቲ ኣይንታዩን። ንኸምዚ ዓይነት ተመራጺ ከም ሕፁይ ገይሩ ናመላለሰ ዘቕርብ ውድብ'ውን ካፍቲ ተመራፂ ንላዕሊ ክንቀፍ ይግብኦ።

ካልእ ክነስትውዕለሉ ዘለና ጉዳይ ድማ ህዝቢ ናንፀርፀረ ኣብ ዘለሉ ኩነታት'ውን እንተኾነ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብዝግባእ ዘየገልገሉዎ ተመረጽቲ ንዝቕጽሉ መረፃታት ደጊሞም እንትቐርብሉ ብድፍረት ኣይቅበልን ስለዘይብል እቲ ውድብ ከም ትሑዝ ገይሩ ወሲዱዎ ብህዝቢ ተቐባልነት ዘለዎም ዝሓሹ ተመረጽቲ ከይቐርቡ ናይ ባዕሉ ኣሉታዊ ኣስተዋፅኦ ይገብር ኣሎ። ኣብ ነገርና እዚ ኣብ ህዝብና ዘሎ ናይ ግንዛበ ሕጸረት መርኣያ ስለዝኾነ ኣብዚኦምን ከምዚኦምን ዝበሉ ጉዳያት ዝምልከቶም ኣካላትን ገፊሕ ናይ ግንዛበ መፍጠሪ ስራሕ ክሰርሑ ይግባእ። ብዝኾነ ናይ ህዝቢ ተመረጽቲ ስርሖም ነቲ ቓል ዝኣተውሉ ህዝቢን ሕገ መንገስቲን ክኸውን ኣለዎ።

### ውሽጥኻ ዘይዓረየ ቕኑዕ መገዲ የለን!

ታሪኻዊ ዝኾነ ህዝባዊ ቓልሲ መሪሑ ካልኦት ህዝብታት'ውን ዘቃለስን ዓለም ኣፍልጦ ዝሃቦ ሃገራዊ ለውጢ ዝምጽአ ውድብ ህወሓት ኣብ ሰላማዊ መድረኽን ዝተመቻቸወ ኩነታትን በጺሑ ንእሽተይ ክልል ብኣግባቡ ምምሕዳር ኣቢዎ ዕንይንይ ዝብለሉ ዘሎ ምኽንያት ንርእሱ ኣብ ዘተሓሳስብ ምጉዳል ጥዕና በጺሑ ስለዘሎ ጥራይ እዩ። ብምኳኑ ድማ እቲ ውድብ ንሕማሙ ዝምጥን ፈውሲ ብእዋኑ እንተዘይወሲዱ ንክልልና ህዝብናን ንሓደጋ ዘጋልጽ ስለዝኾነ ካብ ምጥቕቓንን ዘ'እምባይ መን ይወርሳ ዝዓይነቱ ህልኽ ወጺኡ ናብ ውሽጡ ክጥምት ይግባእ። ከም ገዛኢ ውድብ ተሰኪሙዎ ዘሎ ረዚን ህዝባዊ ሓላፍነት ተረዲኡ ብዘይ ውዓል ሕደር ነቶም ዘለዉ ውሽጣዊ ድኽምታት ኩሎም ዝምጥን ካብ ኣፋዊ ዝሓለፈ ስጉምቲታት ክወስድ ይግባእ። እቲ ልሙድ ሽግር ኮይኑ ዘሎ ሕምቀታት ዘርዚርካን ኣሚንካን ክተብቅዕ ነቶም ዝተዘርዘሩ ድኽመታት ኣብ ምእራም ዝግበር ምንቅስቓስ ፈጺሙ የለን እንተበልና ጌጋ ኣይኮነን። መበል 11ን 12ን ውድባዊ ጉባኤታት ናይዚ ጽቡቕ ኣብነታት እዮም። ከምቲ ዝሰማዕናዮ ኣብ ክሊቲኦም ጉባኤታት 'ክራይ ኣካብነት፣ ምጉጅጃል፣ ምጥቕቓዕ፣ ምጥቕቓን፣ ዘይመትከላዊ ርክብ' ወዘተ ዝብሉ ሽግራት ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነት ከምዘለዉ ተኣሚኑሉ ከብቅዕ እዚ እዩ ዝበሃል ፍታሕ ዘይተወሰደሎም ጉባኤታት ብስዕሲዒት ተዛዚሞም። እዚ ማለት እቶም ኣብዚ ዝርዝር ዘይተጠቐሱ ድኽመታት ማለትውን እቶም ህዝቢ ዘንፀርፀረሎም ዘሎ ጉዳያት ከምዘለዉ ኮይኖም እዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ባህሪያት ዝተሸከሙ ኣባላት መሪሕነት ኣብዝነበሩዎ ናይ መሪሕነት ስልጣን ቐጺሎም ኣለዉ ማለት እዩ። እሞ ደኣ ድሕሪ ጉባኤ እቶም ተጠቒሶም ዘለዉ ሕማማት ከምዝቕረፉ እንታይ ዋስትና ኣሎ?

እሞ እምበኣር ሓደ ነገር ክንርዳእ ናይ ግድን እዩ። ኣብ ኩሉ ብርኪ መንግስታዊ ስልጣን ዘለዉ ክራይ ኣከብቲ ብኹሉ መለክዒ ብቕዓት ብዘለዎም ሰባት (ኣባል ውድብ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ) እንተዘይተተኪኦም መደባት ልምዓት በቲ ዝድለ ቕልጣፈ ክኸይድ እንተዘይተገይሩ፣ ዝጋዕዘዩ'ውን ተሓተቲ ተዘይኮይኖም፣ ጎጀልቲ ካብ ህዝባዊ ሓላፍነት ብእዋኑ

እንተዘይተኣሊዮም፣ እቲ ዝተብሃለ ምጥቕቓንን ምጥቕቓዕን ብዘይፍታሕ ኣብ ዝቕፀለሉ ኩነታት ዘይንምነዮ ውፅኢት ዘይተርፍ ይኸውን። ሕማቕ ሳዕቤን ክይኸተል ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስልጣን ፀፍሒ ዘለዉ ወገናት ከምቶም ተባዓት ቓይናዊያን ደንግ ሺኦፒንግን ውሑዳት ብፆቱን ህዝባዊ ወገናዊነቶም ብግብሪ ከመስክሩን ድኽመት ስርዓቶም ብድፍረት ክግምግሙን ክእርሙን እንተዘይኪኢሎም ውዒሉ ሓዲሩ ውፅኢቱ ኣሉታዊ ከምዝኸ'ውን ክገሃደሎም ይግባእ። ከም ዜጋታትውን መሪሕነት ወይ ድማ ስርዓት እንተሓሚቑ ሳዕቤኑ ንኹሉ ህዝቢ ስለዝልክም ሱቕ ኢልካ ተመልካቲ ምኳን ኣይግባእን። ኣብዚ ዝሓለፈ ጉባኤ ብዓበይቲ ዓዲን ብገለ ተባዓት ተጋደልቲን ዝተዘረበ ረዚን ነቐፌታን መልክእኽትን ንሕሊና ዘለዎ ሰብ ዘደቅስ ኣይኮነን።

**ኣብ መወዳእታ**

ኢወደግ ህዝቢ ክርበሓሉ ዘኽእል ፖለቲካዊን ማሕበረ-ቑጠባዊ ፖሊሲ ከምዘለዎ ጥርጥር የብለይን። ህወሓት'ዉን ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ምስ መሓዙት ውድባት ኮይኑ እቶም ፖሊሲታት ኣብ ምፍፃም ንነዊሕ ዓመታት ዝለዓለ ተራ ተፃዊቱን ዓለም ዝምስክሮ ለውጢውን ኣምፂኡን እዩ። ብዙይ ድርብ ሓበን ይሰመዓና። ኮይኑ ግና በቢኽልሉ ዘሎ ኣፈፃፅማ መደባት ልምዓት ምስፋን ሰናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ብሓፈሽኡ ዝተፈላለየ እዩ። እቲ ዝወፅአ ፖሊሲን ተረኺቡ ዘሎ ሰላማዊ መድረኽን ብዝሓሸ ኣገባብ ዝጠቀምሉ ክልላት ኣለዉ፣ ዘይጥቀምሉ ኣለዉ። ገለ ካፍቶም ምኽንያታት ኣብ ክልላት ዘሎ ናይ ሰብ ሓይሊ ኣፈላላይ እንትኸውን፣ ኣብ ትግራይ ግን ድኽመት መሪሕነት ዝወለዶ ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን እቲ ኩነታት ንምቕያር ዘድሊ ፖለቲካዊ ቑርጸኝነት ዘይምህላውን እቶም ቐንዲ ምኽንያታት እዮም።

ህወሓት ከም ገዛኢ ውድብ ትግራይ ክንድቲ ብሃገር ደረጃ ዝተዓፃፀፎ ዘሎ ኣብ ክልሉ ኣይነጠፈን እንተተብሃለ ዝተጋነነ ኣይኮነን። ማእለያ ዘይብሎም ውፍያት ተቓልስቲን ዘይትትካእ ሂወቶም ዝግብሩ ጀጋኑን ዘፍርዮ ውድብ ወኒንካ፣ ንምቅላስ ይኹን ንልምዓት ተወዲቡ ናይምንቅስቓስ ንነዊሕ እዋን ልምዲ ዘለዎ ብሓዊ ዝተፈተነ ጽኑዕ ህዝቢ ሒዝካ እዚ ውድብ ኣብ ሰላማዊ መድረኽ ክሰርሖ ክንድዝግባእ ኣይሰርሐን። ምኽንያቱ እቶም መለለዪኡ ዝነበሩ ህዝባዊ ወገናዊነት፣ ወያናይነት፣ ውፍይነት ብውልቃዊነትን በቶም ባዕሉ እቲ ውድብ ዝኣምነሎም ቡዙሓት ዘሰክፉ ባህሪያት ተተኪኦም ናይ ህዝቢ ሕቶ ብእዋኑ ኣብ ክንዲ ምምላስ ኣብ ውሽጣዊ ሓንኮልኮል ተሸሚሙ ይርከብ። ከምኡ ስልዝኾነ ድማ ህዝብና ብስእነት ፍትሒ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ሕፅረት ማይ፣ መፍትሒ ዘይተረኽቦ ደርቂ ወዘተ ሰንሰን ናበለ ይነብር ኣሎ። ህዝቢ ተሰኪሙዎ ናብ ዓወት ዝበጽሐ ውድብ ክልሉ ንጎድኒ ገዲፉ ኣብ ማእኸላይ መንግስቲ ዝለዓለ ስልጣን እንተሓዘ ካብ መዛረቢ ትምክሕተኛታት ሓሊፉ ንህዝብና ዝዓብሰሉ ነገር የለን።

ኣብ ክልልና ከምቲ ኣብ ወረቐት ዝፅሓፍ ፖሊሲስን ዝንገርናን ተዝስራሕ ነይሩ እቶም ዓመት መጸአ ዓመት ከደ ነልዕሎም ዘለና ሽግራት እንተነኣሰ ትርጉም ኣብ ዘይብሉ ብርኪ ምሃለዉ ነይሮም። ከተማታትና ዋላ ሰብ በዝሒ ናወሰኻ'ውን እንተኾና በዚ ደረጃ ዝግለጽ ናይ ማይ ሽግር ኣይመጋጠመንን ነይሩ። ምህርቲ እኽሊ'ውን ከምቲ ዝበሃል መጠን እንተዝኸውን ነይሩ ኣብ ሓደ ክረምቲ ብዝፍጠር ሕፅረት ማይ ክንድቲ ዝበሃል ዘሎ ዝኣክል ህዝቢ ናይ ረድኤት እኽሊ ኣይምጠመተን። ቤት ምኽሪ ክልልና ዓመት ዓመት ዘቕረቦም ፀብፃባት እንተዝምርመሩ ኣብ ኩሉ መዳያት

ከምቶም ዝተጠቐሱ ዓይነት ሓላፍ ዘላፋት ብበዝሒ ምተረኸቡ። ዝመራመር ኣብዘም ሰነዳት እዚኦም ይመራመር፣ ንመንግስቲን ህዝቢንውን ዓብዪ ሓገዝ ስለዝኾነ።

እሞ እምበኣር ሓረስታይና ኣብ ርእሲ ብሰኣን ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳር ሰንሰን ምባሉ ዓመት ዓመት ብድርቂ ዝደሃለሉን ንረድኤት ናይ መንግስትን ወፃእተኛታት ኢድ ዝጥምተሉን ኩነታት ክቕየር ኣለዎ። እቲ ፃዕራምን ዓቕላምን ሓረስታይ ህዝብና ንዝሓለፉ 25 ዓመታት መንግስቲ ዘውጽኦ ፖሊሲ ክፍጽምን ምህርቱ ክዓፅፍን ላሕ ከምዝበለ ረኢና ኢና። ግና ኣይክንዲ ፃዕሩን። ከምቲ ዝፍለጥ ክልልና ንኣማኢት ዓመታት ኹናት ዝተኻየዶን ብተደጋጋሚ ደርቂ ዘጥቅያን ስለዝኾነ ንሕርሻ ዝኸውን ተፈጥሮኣዊ ፀጋታትና ብጣዕሚ ብምጉድኦም ኣብ ሕርሻ ጥራይ ዝተንጠልጠለ ቁጠባ ክህልወና ኢልካ ኣይሕሰብን። መንግስቲ'ውን ኣይኣምነሉን። ብፍላይ ብቴክኖሎጂን ምርምርን ኣብ ዘይዓበናሉ ኩነታት፣ ቕድሚ ክርስቶስ ልደት ጀሚሩ ንጥቀመሎም ዝነበርና ናይ ማሕረስ ናውቲ ሒዝና፣ እሞ ድማ ኩነታት ኣየር ተለዋዋጢ ኣብ ዝኾነሉን፣ ሕርሻ ዘላቒ ውሕስና ክህልዎ ኢልካ ኣይሕሰብን። ብምኽኑ ድማ ትግራይ ካብ ኩሎም ክልላት፣ ብፍላይ ካፍቶም ዝሓሸ ተፈጥሮ ሃፍቲ ዘለዎም፣ ብዝቐልጠፈ ማእኸል ኢንዱስትሪን ቴክኖሎጂን ክትከውን እዩ ዘዋፅኣ። ስለዝኾነ መንግስቲ ክልልና እዚ ተረዲኡ ብሓደ ወገን ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ኣብ ሕርሻ ዝነብር ህዝቢ ስለዝበዝሐ ሕርሻ ካፍቲ ሀዚ ዘሎ ዓመት ክቕልብ ዘየኽእል ምህርቲ መጠን ብዝተዓፃጸፈ ክውስኽ ምግባር፣ ብኻልእ ወገን ድማ ዘላቒ ቁጠባዊ ዓቕሚ ናብ ዘምጽእን ነቲ ተማሂሩ ናብ ከተማ ዝውሕዝ ዘሎ ዜጋ ስራሕ ዝፈጥር ኢንዱስትሪ ቕልጡፍ ስግግር ኽገብር ናይ ግድን እዩ። ይውሓድ ይብዛሕ ሎሚ ዝመሃር ዘሎ ወለዶ ኣብ ማሕረስ ዝነብር ስለዘይኮነ ንዚ ሓይሊ እዚ ስራሕ ዝፈጠሩ ትካላት ንክህሉዉ ምቸው ባይታ ምፍጣር ናይ ሎሚ ስራሕ እዩ። ተዘይኮይኑ ዘዝተምሃረ ናብ ስደት ናምርሐ ሃገር ክትባድም እያ።

እዚ ናብ ቴክኖሎጂን ኢንዱስትሪን ዝግበር ስግግር ግን ብመንግስቲ ጥራይ ክግበር ኢልካ ስለዘይሕሰብ ሰብ ውልቀ ሃፍቲ ዝሳተፍሉ ምቸው ባይታ ምፍጣር ናይ ግድን ይኸውን። እንተኾነ ግን ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ዘየለሉን ክራይ ኣከብቲ ኣብ ዝነገስሉን ኩነታት ኮይንካ እዚ ክሳኻዕ ማለት ዘበት ስለዝኾነ እቲ ዘሎ ዘይምቸው ኩነታት ንምዕራይ መንግስቲ ሱር በቆስ ዝኾነ ጭቡጥ ለውጢ ብምግባር ናይቲ ክልል ተወለድቲ ጥራይ ዘይኮነስ ንኻልኦት ካብ ሩሑቕን ቀረባን ዝመጽኡ መውፍርቲ ሃፍቲ'ውን ዝጥዕም ኩነታት ክፈጥር ኣልዎ። ብሰንኪ ጉዕዙይን ዘይምዕሩይ ቢሮክራሲያዊ ኣሰራርሓን ዘምልጥ ዘሎ ናይ ምልማዕ ዕድል ኣዚዩ ብዙሕ እዩ።

ብሓፈሽኡ እስካብ ሀዚ ኣብ ገለ ገለ ዝናኣድ ስራሕ ተሰሪሑ'ኳ እንተበልና ምስቲ ብመሪር መስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ሰላማዊ መድረኽን ምስቲ ህዝብና ዝተቓለሰሉ ዕላማን ባህግን እንተነፃፀር ግን ከምቲ ቻይናዊያን ድሕሪ ዕጥቃዊ ቃልሶም ገጢሙዎም ዝነበረ ዘይግቡእ ሰንከልከል ንሕና'ውን ንነብስና ክነደዓዕስ ተዘይደሊና ዝኸሰርናዮ ጊዜ ቐሊል ኣይኮነን። ፍትሒ ምንጋስን ሰናይ ምምሕዳርን ቖንዲ ኣካል ልምዓት ሓደ ህዝቢ እንዳሃለዉ ብፍላይ ኣብዚኦም ካብ ዘረባ ዝሓለፈ ስራሕ ኣይተሰርሐን። ከም ውጺኢቱ ድማ ህዝቢ ኣብ ዝሓለፍካዮ የንጸርጽር ኣሎ። ኣብ መሰረተ ልምዓትን ማሕበረ ቑጠባዊ ኩነታትና'ውን እንተኾነ ርብዒ ሓደ ዘበን መንግስትነት ጨቢጥካ ማይ ዘይፈሶም ከተማታትን ገጠራትን ወኒንካ፣ ኪሎ እኽሊ ዝስፈረሉ ልዕሊ 40% ዝኸውን ዜጋ ሒዝካ፣ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዓመት

ዓመት ብድርቂ ዝጥቃዕ ገዚፍ ቑጽሪ ህዝቢ እናሃለወካ፣ ኣብ ዳስ ዝመሃሩ ተምህሮ እናሃለዉኻ፣ እኹል ስሪንጅን ጸረ ቓንዛ ክኒናን ዘይብሎም ናይ ጥዕና ትካላት ሒዝካ፣ ነገር ግን ካብ ህዝቢ ዝእከብ ሃፍቲ ተሓታትነት ብዘይብሉ ኣገባብ ኣብ ዘይመዓልኡ ምውዓል፣ ተይሓፈርካ ድማ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ምልማንን ብዝኾነ ኣመኽንዮ ቑቡል ኣይኮነን።

ብሓፂሩ ክስመረሉ ዘለዎ ጉዳይ ልምዓታዊ መደባት ብኣግባቡ ዘይፍፀምሉን ዝዓተተሉን፣ ዝተጋነነን ዝተዛበዐን ፀብፃባት ዝቕርበሉን ቑቡል ዝኾነሉን፣ ፖለቲካዊን ቑጠባዊን ግዕዝይና ዝነግሰሉ፣ ሰናይ ምምሕዳር ዝጓደለሉ፣ ተወከልቲ ንዝመረጾም ህዝቢን ንሕልነኦም ዘይሰርሕሉ፣ ከምቲ ኣፍቲ ጉባኤ ዝተብሃለውን ምጉጅጃል፣ ምጥቕቓ፣ ምጥቕቓዕን ዘይመትከላዊ ርክባትን ኣካል ናይቲ መንግስታዊ መስርሕ ዝኾኑሉ ቐንዲ ምኽንያት ኣብ ትካላዊ ኣሰራርሓ ዘይሃነፀት ሃገር ብቕዓት ዘይብሎምን ናይ ህዝቢ ረብሓ ዘየቓድሙን ክራይ ኣከብቲ ፖለቲከኛታት ውድባዊን መንግስታዊን ስልጣን እንትቋፃፀሩ ጥራይ እዩ። ከምዚ ዓይነት ተበላፃይ ሓይሊ ድማ ሓደ ግዘ መንግስታዊ መሓውር እንተተቖፃጺሩ ትካላዊ ኣሰራርሓ ኣብ ምህናፅን ሰናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ንምንጋስ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ረብሕኡ ከይኹለፍ ክብል ቐፃላይ ዝኾነ ዓንቃፋይ ተራ እዩ ዝህልዎ። እዚ ሓደገኛ ምኺኑ ብኣግኡ ተረዲእና ብቕልጡፍ እርማት ተዘይተወሲዱ ህዝብና ረዚን ዋጋ ዝኸፍለሉ ዕድል ዕጽው ኣይኮነን።

ዜጋታትውን፣ ብፍላይ ግዱሳት ሙሁራን ፀቢብ ውልቃዊ ረብሖኦም ገዲፎም እቲ ዘሎ ኩነታት ንምምሕያሽ ግቡኦም ክፍጽሙ ኣለዎም። ብመንግስቲን ገዛኢ ውድብን’ውን ሃናፃይ ነቐፌታ ይኹን ሪኢቶ ካብ ዜጋታት ኣብ ዝቕርበሉ እዋን ኣብ ልምዓት ህዝብና ኩለመድያዊ ረብሓ ከምዝህልዎ ተወሲዱ ካብ ሕልኽን ጠቐነን ወጺኻ ብቕንዕናን ብዴሞክርሲያዊ ኣገባብ ክጥመት ይግባእ። ከምቲ ዝፍለጥ ንሕስያ ዘይብሉ ነቐፌታ፣ ዓርሰ ንቐፌታ፣ ምይይጥን ክርክርን ናይቲ ውድብ መፍለይ ባህሪያቱ ስለዝነበሩ ኣብ ብረታዊ ቓልሲ ብዝግባእ ሰሪሖምሉን ንዓወትውን ኣብጺሖምዎ እዮም። ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ’ውን እንተኾነ ዘተን ነቐፌታን ዝፈርሕ ውድብ ወይም መንግስቲ ክኸውን ኣይግባእን። ሃገር ናይ ሓባር ስለዝኾነ ብዛዕባ ሃገር ንምግዳስን ንምዝራብን መንግስታዊ ስልጣን ምሓዝ ናይ ግድን ዘይምኧኑ’ውን ርዱእ ክግበር ኣለዎ።

እሞ እዚ ደቂ ሽሊሙን መሪቑን ናብ መስዋእቲ ዝሰደደ ክቡር ህዝቢ ዓስቢ መስዋእቱን ፅንዓቱን ውፍይነቱን ክርከብ ይግባእ። ህዝብና ዝተቓለሰሎም ረብሓታት ብዘላቕነት ንምርግጋፅ እንተተደሊዩ ህወሓት ከም ገዛኢ ውድብ ካፍቲ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ኩለመዳያዊ ሕፀረትን ሓሸዌን ወጺኡ ነቲ ናይ ህዝቢ መረረትን ናይ ምልማዕ ሕቶን ዝምጥን ምላሽ ክህብ ትፅቢት ይግበር። ብሙሁር ሓይሊ፣ ብሕርሻን ምርምርን፣ ብኢንዱስትሪን ቴክኖሎጂን፣ ብቑጠባን ኣፍራይነትን፣ ብባህልን ስፖርትን ወዘተ ጠንካራ ክልልን ህዝብን ብምህናጽ ኣብ ኩለመዳያዊ ልምዓት እዛ ዓባይ ሃገር ወሳኒ ኣስትዋፅኦ ትገብር ክልል ብምፍጣር ጥራይ እዩ ዘላቒ ሰላም ልምዓትን ረብሓን ህዝብና ነውሕስ። ሰናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ዘለዎ ስርዓት ተይመስረትካ ግን እዚ ንምፍፃም ዘይሕሰብ ስለዝኾነ መድረኽ ዝጠልቦ ሕቶ ህዝቢ ንምምላስ መራሕትና ካብ ዝኾነ ግዘ ንላዕሊ ፖለቲካዊ ቑርጸኝነቶምን ህዝባዊ ወገናዊነቶምን ዝሕተትሉ ዘለዉ እዋን ኢና ዘለና። እሞ ከምቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ናይ ታሪኽ ተወቀስቲን ተሓተትን ካብ ምኺን የድሕነኩም ናበልኩ ሪኢቶይ ይዛዝም።

ኽብርን ሞገስን ነቶም ምእንቲ ሓርነት ህዝቦም ክብሉ ዘይትትካእ ሂወቶም ዝኸፈሉ ጀጋኑና!

የቐንየለይ!

---

*ገብረ ሥላሴ ኣርኣያ ኣብ ሃገራዊን ዞባዊን ከምኡውን ዓለም ለኻዊ ፖለቲካን ማሕበረ-ቑጠባዊን ጉዳያት ዝግደስ፣ ኣብዝኾነ ፖለቲካዊ ውዳበ ዘይነጥፍ ዜጋ እዩ። ዝኾነ ሃናፃይ ርኢቶ ኣብ gebreselassiea@yahoo.com ቕቡል እዩ።*